



መበል 33 ዓመት ቁ.104 ቀዳም 30 ታሕሳስ 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 ገጽ 5 ገጽ 7 ገጽ 8 ገጽ 11

ናብዮት ኣቦ ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ
ግሎባውነት

ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ሎሚ ኣብ

ስታድዩም ኣስመራ

ዓማዊል ባዕሎም ሞባይሎም

ከዐርዩ ዕድል ዝፈጥር ኣገባብ

“ክቡር የኽብረካ መጠነ ነብሱ.

. .”

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ትግባረ ምሕዋስ ማእከል - ኣዮዲን ኣብ ጨው እትከታተል ሓይሊ ዕማም ቈይማ
ኣዮዲን ኣብ ጨው ብምርግጋጽ -

ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት

ንምቁጽጻር እትነጥፍ ሓይሊ ዕማም

ብ27 ታሕሳስ ቈይማ።

ኣብ ትካል ደረጃታት ኤርትራ ሓላፊ

ምቁጽጽር ብቕዓት ኣቶ ኣለም ኣርኣያ፡

ኣገደስነት ኣዮዲን ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብን

እንስሳታትን፣ ኩነታት ተጠቃምነት

ኣዮዲን ኣብ ሃገርና፣ ከምኡ’ውን

ርድኢት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ተጠቃምነት

ኣዮዲን ብዝምልከት መግለጺ ሂቡ።

ጉድለት ኣዮዲን፡ ዝሕታለ ሓንጎል፡

ጉሪንጉሪት፡ ዝሕታለ ምንቅስቓስን

ዕብየትን ሰብነት፡ ጸገማት ስርዓተ-መፍረን

ስርዓተ-መትኒን ከምዘስዕብ ዝሓበረ ኣቶ

ኣለም፡ ነዚ ጥዕናዊ ጸገማት ንምክልኻል

- እቲ ዝበለጸን ዝሓሰረን ኣማራጺ፡

ኣዮዲን ኣብ ጨው ምሕዋስ ከምዝዀነ

ኣገንዚቡ።

ትካል ደረጃታት ኤርትራ፡ ኣዋጅ

ቁ.75/1995 ብዝህቦ ስልጣን መሰረት፡

ንሃልኪ ሰብን እንስሳን ዝውዕል ጨው

ኣዮዲን ክሕወሶ፣ ዓቐን ናይ’ቲ ዝሕወስ

ኣዮዲን ብሚኒስትሪ ጥዕና እናተወሰነ

ክትግበር፣ ጨው ዘፍሪ ወይ ዝነግድ

ድማ - በዚ ተማእዚዙ ክነጥፍ፡ ኣብ 1997

ደረጃታት ከምዝወጽኣሉ ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን

ሓላፊ ኣሃዱ መግቢ ኣቶ ቃልየ

በዂረድንግል፡ መምርሒ ስራሕ ናይ’ቲ

ሓይሊ ዕማም ድሕሪ ምዝርዛር፡ ነቲ

ብኣላይነት ሚኒስትሪታት ጥዕናን ንግድን

ኢንዱስትርን ዝካየድ ተልእኾ፡ ናይ

ኩሎም ኣካላት ምትሕብባር ከይፍለዮ

ተላብዩ።

ደቡብ - ንትንሳኤ ባህላዊ በዓላት ኣበርክቶ ዝገበሩ ተሸሊሞም
ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላ፡

ብምኽንያት በዓል-ትንሳኤ

ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል

ገዳም ኣቡነ-ዕዝራይ/

ኣባ-ዕዝራይ ኣበርክቶ

ዝገበሩ ውልቀ-ሰባትን

ትካላትን ብ26 ታሕሳስ

ተሸሊሞም።

ኣብ’ቲ ስነ-ስርዓት፡

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ

ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ፡

ሃይማኖታውን ባህላውን

በዓላትና ኣካል መንነትናን

ክብሪታትናን ስለዝዀኑ፡

ብግቡእ ክዕቀቡን

ክሰጋገሩን ይስራሓሎም

ከምዘሎ ብምሕባር፡

ንትንሳኤ ሃገራዊ ባህሊ

ኩሉ ዜጋ እጃሙ

ከበርክት ኣተሓሳሲባ።

“ባህላዊ ውርሻታቱ

ዘየኽብር ሕብረተ-ሰብ መጻኢኡ ጽልግልግ

እዩ ዝብሎ” ዝበለ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ

ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም ዮውሃንስ

ብወገኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ስልጡን

ሃገራዊ ባህሊ መሰረት ምዕቡል ቁጠባን

ፖለቲካን ብምዃኑ - ኣብ ሃገራዊ ቻርተር

ኣስፊሩዎ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ 2016 እውን ኣብ ኣቡነ-

ኣምበስ - ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ተመሳሳሊ

ተበግሶ ተወሲዱ ምንባሩ ዝዘኻኸረ ኣቶ

ኣብርሃም፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝንገድ

ቱሪዝማዊ ቦታታት ንምስፋሕ - ክስራሓሉ

ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላ ኣቶ

ተስፋይ ኣብርሃ፡ ብውድድር መልክዕ

ንዝተሳተፋ ዓድታት ኩዶ-ሕንባሻ፡ ዳዕሮ-

ኲንዓት፡ ስብዖን ዓዲ-በጊዖን ምስጋና

ኣቕሪቡ።

ገዳም ኣባ-ዕዝራይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-

ዃላ - ኣብ’ቲ ወራሪ ሰራዊት ወያነ

ዝተዳህከሉ ጎቦ ዓዲ-በጊዖ ይርከብ።

ማይ-ዓይኒ - ኣብ 21 ዓድታት ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ተነጺጉ
ኣብ ሸውዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ

ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር -

ኣብ ኣባይቲ ወፍሪ ምንጻግ ጸረ-ጣንጡ

መድሃኒት ተኻዪዱ።

እቲ ካብ ምጅማር ወርሒ ታሕሳስ ጀሚሩ

ዝተሰላሰለ ስራሕ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ

ዑና-ዋጦት፡ ሰርዐ፡ ቀላይ በዓልቴት፡ ሓድሽ

ዓዲ፡ ሓውሲ ከተማ ማይ-ዓይንን ጊነሰባን

ኣብ ዝመሓደራ 21 ዓድታት ምዃኑ፡

ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ናይ ምንጻግ ወፍሪ፡ ልዕሊ 99

ሚእታዊት ዕዉት ምንባሩ ተገሊጹ።ኣብ

ካልእ ዜና ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ፡ መደብ

ምጥፋእ መሃይምነት ንምዕዋት ይስራሓሉ

ከምዘሎ፡ ቤት-ጽሕፈት-ትምህርቲ ገሊጹ።

ሓላፊ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ጠዓመ

ፍትዊ፡ ኣብ 62 ዓድታት ብዝተገብረ

መጽናዕቲ 557 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም

ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝርከቡ 1064

መሃይማን ከምእተለለዩ ብምጥቃስ፡ ኣብ

2024 ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንምቕራቦም

ጻዕርትታት ከምዝግበር ሓቢሩ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ’ቲ ንኡስ ዞባ

ማይ-ዓይኒ ኣቶ ክፍለ መንግስ ድማ፡

ኣመሓደርቲ ከባቢ መሃይምነት ዘየጥፍኡ

ወገናት ብምልላይ ናብ ትምህርቲ

ከቕርቡን ምትሕግጋዞም ከዛይዱን

ተላብዩ።

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሕቶ ሸባብ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ሸባብሃማመ ተኤ
ደዋሊ፤ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ
ብቴለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ ኣይተጋገኻን። መን
ክብል ካበይ ትድውል ኣለኻ?

ደዋሊ፤ ዮሴፍ እበሃል፥ ካብ
ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ብመጀመርያ
ኣገልግሎትና ብምጥቃምካ ከመስግነካ
እፈቱ። ብምቕጻል እንታይ ክሕግዘካ
ዮሴፍ?

ደዋሊ፤ ኣነስ ምስ ሓብተይ
ክንሰማማዓሉ ዘይክኣልና ጉዳይ
ነይሩ’ሞ ክትሕግዘኒ እየ ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ዓቕምና ጥራይ
ይኹን’ምበር ኣጆኻ ኣይትሰከፍ። ነጻ
ኴንካ ሓሳባትካ ግለጽ።

ደዋሊ፤ ጽቡቕ የቐንየለይ! እሞ እቲ
ምስ ሓብተይ ዘከራኽረና ዘሎ ጉዳይ
ናይ ኣቦይ እዩ። ኣዴና ንሕሳስልደ
ሓብትና ክትሓርስ ብሞት ምስ
ተፈልየትና፡ ን26 ዓመታት ዝኸውን
ምስ ኣቦና ኢና ኣሕሊፍናዮ።
ኩልና ኣሕዋት ኣርባዕተ ኴንና፡
ነቶም ሰለስተ ቅድሚ ዓሰርተ
ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ኣቦይ ባዕሉ
ኣመርዕዩ ሓዳርና ኣውጺኡና። እታ
ሕሳስልደ ሓብትና ድማ ክሳዕ ሕጂ
ነቦይ ክትናብዮ ጸኒሓ። ሕጂ ግን
ንሳ’ውን ተመርዕያ ሓዳራ ፈልያ
ትርከብ። ድሕሪ መርዓ ሓብትና
ኣቦይ ኣይጠዓሞን። ናባዪ ግዲ ስኢኑ
ጃጅዩ። ኩሉንትንኡ በቃ ንድሕሪት
ተመሊሱ። ዕድመ’ውን ኣይቀለለን።
ኣብዚ ግዜ’ዚ ወላዲና ወዲ 79
ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ዘልዕሎ ወይ
ዝናብዮ ዝደሊ’ዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ
ኩነታት መን የልዕሎ ከሰማምዓና
ኣይከኣለን።

ኣማኻሪ፤ ዝኣልዮ ስኢኑ
ማለትካ ድዩ? ኣይሓዝኩኻን’ሞ።
ዘየሰማምዓኩም ዘሎ እንታይ እዩ?

ደዋሊ፤ ዝኣልዮስ ኣይስኣነን። ደቁ
ክልተ ኣወዳትን ክልተ ኣዋልድን
ኢና። ኣነን እዘን ክልተ ኣሓተይን
ኣብ ኣስመራ ኢና እንቕመጥ። እቲ
ሓደ ወዲ ዝበልኩኻ ድማ ንዓይ
ምዕባየይ ኮይኑ፡ ምስ ሓዳሩ ኣብ
ኦምሓጀር እዩ ዝቕመጥ። ኣናብራና
ከምዚ ዝበልኩኻ ኮይኑ፡ ድሕሪ
መርዓ ሓብትና ከም ወዲ መጠን
ንዓይ ስለዝቐርብ፡ ግቡአይ ክገብር
ኢለ ነቦይ ንገዛይ ወሲደ ክናብዮ
ጀሚረ። ተግባራተይ ዘየሐጎሳ ቦኽሪ
ሓብተይ ግን ወላድየይ ምእላየይ
ኣይተዋሕጠላን። “ኣነ እየ ዝናብዮ
ምሳይ ይሕሾ፡” እናበለት ለይትን
ቀትርን ዕረፍቲ ከሊኣትኒ። ናይ
ምልዓል ሓላፍነት ንዓይ ከም
ዝምልከት ደጋጊመ ነጊረያ። ፈጺማ
ክትሰምዓኒ ኣይክኣለትን። በቃ ባእሲ
እዩ ተሪፉና ዘሎ። ዝገብሮ ጠፊኡኒ
እየ ናባኹም ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ሓብትኹም ንምንታይ
ምሳይ ይሕሾ ትብል ከም ዘላ ርግእ
ኢልካ ሓቲትካያዶ?

ደዋሊ፤ ንሳ ድኣ፡ “ድሌታቱ ጽን
ኢለ ዝሰምዖ ኣነ እየ። ንሱ’ውን
ንዓይ’ዩ ከይተሰከፈ ክእዝዘኒ
ዝኽእል፡ ሃበኒ ንዓይ ይኽበደኒ፡” እያ
ትብል። ኣነ ግን ኣይተቐበልክዎን።
እቲ ሓደ ሓወይስ’ኳ ኣብ ርሑቕ
ሰፊሩ ናተይከ እንታይ ክምኽነዮ’ዩ?
ንእሽተይ ወዱ እንከለኹስ ምስ ጓሉ
ክእለ!

ኣማኻሪ፤ ቅድሚ መርዓ ንእሽተይ
ሓብትኹም እናልዓለቶ እንከላ
ናትካን ናይ ሓብትኻን ተሳትፎ
ከመይ ነይሩ? ማለተይ ካብ
ክልቴኹም መን ዝያዳ ቅርበት
ነይዎ?

ደዋሊ፤ ኩልና ተመሳሳሊ ቅርበት’ዩ
ነይሩና። ብፍላይ ሰንበት ብሓደ
ተመሲሕና ቡን ሰቲና ኢና ንፈላለ
ነይርና። ናይ ጓል ነገር ግን፡ እታ
ዓባይ ሓብተይ ዝያዳ ትመላለሶ
ነይራ። ንእሽቶ ሓብተይ ንስራሕ
ክትከይድ እንከላ እናኸደት ነቦይ
ቡን ተስትየላ፡ ክዳውንቲ ትሓጽበላ፡
መጎጎ ትኣጉደላ ነይራ። ብኸምዚ
ቍሩብ ናታ ይዛይድ ይኸውን’ምበር
ሓደ ኢና።

ኣማኻሪ፤ ተሳትፎ ብዓልቲቤትካኸ
ከመይ ነይሩ?

ደዋሊ፤ ብዓልቲቤተይ ካብ ገዛ
ምውጻእ ብዙሕ ኣይትፈቱን እያ።
ኩሉ ግዜ ኣይኮነን ድኣ’ምበር
ሰንበት ናብ ኣቦይ ክንከይድ እንከለና
ምሳይ ትኸይድ ነይራ እያ። ኣብ ገዛ
ንዝመጻ ግን ትገብረሉ’ዩ ዝጠፍኣ።
ኣዝያ ለጋስ’ያ። ሕጂ’ውን ነቦይ
ብዘይ መጠን’ያ ትከናኸኖ ዘላ።

ኣማኻሪ፤ መቸም ክልቴኹም
ውሉዳት ንጽቡቕ ወላዲኹም
ብምሕሳብ ትከራኸሩ ምህላውኩም
ብእወታ ክርአ ዘለዎ’ዩ።
ከቀያይመኩም’ውን ኣይግባእን።

በዚ ሎሚ ብዙሓት ወለዲ ዘልዕሎም
ውሉድ ስኢኖም ኣብ ጎረባብቲ
ክናበዩ እንከለዉ፡ ኣቦኹም ግን
ደቁ ንዓይ ንዓይ ክትብልሉ
እንከለኹም ቅዱስ ቅንኢ ዘሐድር
ሰናይ ተግባር’ዩ። ንናብዮት
ወላዲ ብዝምልከት ሕብረተሰብና
በብኸባቢኡ ዝፈላለ ኣገባባት ወይ
ወግዕን ባህልን ኣለዎ። ንኣብነት
ሕሳስልደ ውሉድ በቲ ቀደም ግዜ
ወራሲ ገዛ ስለዝነበረ ወለዱ ናይ
ምልዓል ሓላፍነት ይስከም ነይሩ።
እዚ ምስ ዘይከውን ከኣ ምስ ኣብ
ማእከል ዓዲ ሓዳራ ዝወጸት ጓሉ
ከም ዝናበ ይግበር ነይሩ። ካብዚ
ወጻኢ ንዝፍጠር ጸገማት ግን ኩሎም
ውሉዳት ተኣኪቦም ይዝትዩ’ሞ
ይሓይሽ ዝበልዎ ይውስኑ ነይሮም።
ኣብዚ ሎሚ እዋን ግን ንስኹም’ውን
ንወላዲኹም ኣየናይ ከም ዝጥዕሞ
ነየናይ ከም ዝመርጽ እንተትሓትዎዶ
ኣይምሓሸን?

ደዋሊ፤ ኣቦይ ድኣ ወሪድዎ፡
እንታይ ብሃላይ ኮይኑ! “ብኣይ
ኣይትገራጨዉ ‘ዞምደቀይ፣
ኩልኹም ጥዑማት ኢኹም። ኣነ
ዝደሊ መዕቆቢ ተሰማሚዕኩም ኣብ
ዘእተኹሙኒ ክነብር ድሉው እየ፡”
እዩ ዝብለና።

ኣማኻሪ፤ ኣቦኹም ኣብ ዝበልክሞ
ክቕመጥ ዝኽእል ካብ ኮነ
ሓብትኻ’ውን ወግሐጸብሐ ሃበኒ
እናበለት ካብ ኣሸገረትካ፡ ካብ ባእሲ
ክትድሕኑ ንሳ እንተልዓለቶ እንታይ
ጸገም ኣለዎ?

ደዋሊ፤ ናይ ዝደለኻ መዓስ
ኮይኑ። ንምንታይ ወግዒ ነፍርስ!
ሓዊ ሓዊ ዝጨኑ ወዱ ብህይወት
እንከለኹስ ምስ ጓሉ ክእለ! ንሳስ
ግርማ ክትከልኣኒ ኢላ’ምበር መዓስ
ጠፊኡዋ? ክምረቕ ኣይደለየትንን።
ወረ ናታስ ደለየ ምኾነ፡ ሰብከ
እንታይ ክብለኒ ወደይ!

ኣማኻሪ፤ እቲ ዝዓበኹሙሉ ገዛ
ኣቦኹምከ ሕጂ መን ኣለዎ?

ደዋሊ፤ እቲ ገዛ’ኳ ክራይ’ዩ።
ምስቶም ዋና ተረዳዲእና ገዝኡን
ንብረቱን ብናይ ኩልና ስምምዕ እታ
ሕሳስልደ ሓብትና ሓዳራ ክትወጸሉ
ገዲፍናላ። ብዘይ ኣደ ስለዝዓበየት
መተባብዒ ክኾና ኣቦይ ግደፉላ
ኢሉና። ንሕና’ውን ኣበይ ከይዱና
ኢልና ኣይተቓጸጽናያን። ብኣኡ’ኳ
ሕጉሳት ኢና።

ኣማኻሪ፤ እሞ ክልቴኹም ካብ
ዘይተሰማማዕኩም፡ እታ ንኡሽቶ
ሓብትኹም ዘይተልዕሎ? በቲ ሓደ
ኣብ ዝለመዶ ገዛ ምኾነሉ፡ በቲ ሓደ
ድማ ካብ ባእሲ ምድሓንኩም።

ደዋሊ፤ ወላዲ ከተልዕል ቀሊል
ስራሕ ኣይኮነን። ድሌታቱ ክበዝሕ
ስለዝኽእል ብሰንኪ ስእነት ወላዲ
ክሓስሞ ይኽእል’ዩ። ስለዝኾነ ምስ
ድሓን ዓቕሚ ዘለዎ ክናበ ይምረጽ።

ኣማኻሪ፤ ብኹነታት መነባብሮኸ
መንኩም ይሓይሽ?

ደዋሊ፤ ኣበይ ኣበይ! ኣነ ይሓይሽ።
ኣውቲስታ ዓባይ መኪና ስለዝኾንኩ
ድሓን ዝኾነ መነባብሮ እዩ ዘለኒ።
ዓባይ ሓብተይ ግን ተመስገን
ብሃሊት ኮይና’ምበር እንታይ
ሃልይዋ። እንተሃለዋ’ውን ካብ ደቃ
ዝሓልፍ ኣይመስለንን። ከይወፈሩ
ከይሸቀሉ ክኽደኑን ክሽለሙን
ዝውዕሉ ደቂ’ዮም ዘለዉዋ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ዕብየት ዝርከቡ
ወለዲ ብፍላይ ከኣ ሞት ወይ
ምፍልላይ መጻምድቲ ዘጋጠሞም
መተዓልልቲ ወይ ዘዘናግዕ ሰብ
ይደልዩ እዮም። ጽምዋ ኣይክእሉን
እዮም። ማለት ልዕሊ ኹሉ ብዙሕ
ግዜ ክትህቦም’ዮም ዝፈትዉ።
ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ
ክልቴኹም ምስ ወላዲኡ ዝበዝሐ
ግዜ ከሕልፍ ዝኽእልከ መንኩም’ዩ?

ደዋሊ፤ ኣብ ግዜ መጺኻ’ኳ
ሓብተይ ትሓይሽ። ምብጻሕ እንተ
ዘይረኺባ፡ ገዛ’ያ ትውዕል። ኣነ ግን
ከም ዝበልኩኻ ናብራ ኣውቲስታ
ደገደገ እንድዩ፣ ሓቂ ይሓይሽ
ንዕላል ዝኸውን ግዜ ይሓጽረኒ’ዩ።
ብዛዕባ ኻልእ ግን ብዓልቲቤተይ
ዝኣክል ስለዝገድፈላ ጸገም የብልናን
በሃሊ እየ።

ኣማኻሪ፤ ብዘይካ’ቲ ባህልን ወግዕን
እትብሎ ዘለኻ ኣቦኻ ምስ ጓሉ
እንተተኣልየ፡ ኣብ ኣቦኻ ክወርድ
ዝኽእል ዘሰክፈካ ሳዕብየናት ኣሎ
ድዩ?

ደዋሊ፤ ዘጸግም ወይ ዘሰክፍ’ኳ
የብለይን። ወግዑ ግን ምሳይ
ክኸውን’ዩ ዝሓይሽ። ድሓር ከኣ
ብትሕዝቶ ኣነ ስለዝሓይሽ ብጽቡቕ

ምናበኽዎ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርካ ዮሴፍ፡
ንስለባህልን ወግዕን እትብሎ ዘለኻ
እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣቦኻ ኣብ ጓሉ
እንተ ተቐመጠ ዘጸግሞ ኣይኮነን።
እቲ ጸገም ጠለባት ኣቦኹም ዘይኮነስ
ናይ ክልቴኹም ምቅጻጽ’ዩ።
ስለዚ ጠባያትን ድሌታትን ኣቦኻ
ደጋጊምካ ኣጽንዓዮ። ከየቐይመኩም
ስለዝስከፍ ኣፉ ከፊቱ ምስ ኩስቶ
ይሕሸኒ ክብል ክኸብዶ እዩ። ንስኻ
ብዓልቲቤትካ ዋላ ሓላል ትኹን
ትኸብዶ ከይትኸውን፡ ሓብትኻ’ውን
ከምኡ ንብዓልቤታ ይስከፎ ከይከውን
ገገዛኹም ምፍታሽ ኣገዳሲ’ዩ። ከምቲ
ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ሰብ ማይን
መግብን ጥራይ ኣይኮነን ዝደሊ።
ሳሕቲ ብሕማቕ ዘይኮነስ ብሰንኪ
ዘይምርድዳእ ወይ ዘይምንባብ ንሰብ
ይጠቕሞ ኣለኹ እናበልካ ጸቕጢ
ትፈጥረሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ።
ስለዚ ፍቕርኹምን ሓልዮትኩምን
ከየጉደልኩም ነቦኹም ዝሓይሽ
ተጣበቡ።

ደዋሊ፤ ንሱስ ሓቅኻ ብዙሕ ግምት
ኣይሃብክዎን። ወረ ብዓልቲቤተይሲ
ሓላል እያ ድኣ’ምበር ጠዊቕካ
ኢኻ ተዛርባ። ሓብተይ ግን ሰብኣያ
ኣብ ስደት’ዩ ዝነብር። ሓንሳብ
ኣብ ዓመት’ዩ ዝመጽእ። ወርሒ’ኳ
ኣይመልእን። ግን እቲ ትሕዝቶኣስ
ኣየተኣማምነንን’ዩ። እንታይ
ክትቅልቦ?

ኣማኻሪ፤ ሓደ ሒዝዎ ማለት ንሱ
ባዕሉ ኩሉ ድሌታቱ ይሽፍነሉ ማለት
ኣይኮነን። እቲ ዝናቢ ዘሎ ዝበልዖ
እናበልዐ ብጽሬት ይኣልዮ እንተ’ልዩ፡
እቶም ካልኦት ውሉዳት ከኣ፡ ከከም
ዓቕሞም ገሊኦም ናይ ኣስቤዛ፡ ገለ
ናይ ክዳንን ሕክምናን፡ ገለ ድማ
ናይ ጉልበት ሓገዝ ክደጋገፉ እዩ
ዝግባእ። ስለዚ ወግሐጸብሐ ምሳይ
ምሳይ እናበልኩም ካብ ተሸቝርርዎ፡
ሓዴኹም ሕድገት ግበሩ።

ደዋሊ፤ ኣነስ በቲ ሓደ ከይጎድሎ
በቲ ሓደ ድማ ሰብ እንታይ
ክብለኒ ካብ ዝብል እየ’ምበር ኣብ
ኣሕዋተይ’ኳ ጽልኢ የብለይን። ዋላ
ዘይፍትኖ። እተጠዓሞ ጽቡቕ፣ እንተ
ዘይጠዓሞ ከኣ ንገዛይ ይመልሶ።

ኣማኻሪ፤ ሰብ እንታይ ክብለኒ
ኣይትበል። ገያሻይ ስለዝኾንካ ሰብ
ዝብለካ የብሉን። ነቶም ካልኦት
ኣሕዋትካ’ውን ክተሓጋገዙ ከም
ዘለዎም ከተረድኦም ፈትን። ኣብ
ምዕዶኻ ክትዕወት፡ ሕርቃንን ኩራን
ኣወግድ።

ደዋሊ፤ የቐንየለይ! ብዙሕ’የ
ዘመስግን። ቅንይ ኢለ ክድውለልካ
እየ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ መስመር ኣለና።
ዓወት እምነየልካ።

ናብዮት ኣቦ

ተጋዳላይ ተኽለ ሃብተማርያም ተሰዊኡ
ገዲም ተጋዳላይ ተኽለ ሃብተማርያም ተመልሶ፡ ብ28 ታሕሳስ ብሃንደበታዊ ሕማም

ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።

ካብ 1972 ክሳብ 1974 ኣብ ኢትዮጵያ ኣባል ዋህዮ ኰይኑ ቃልሱ ዝፈለመን፡

ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት

ኤርትራ ዝተሰለፈን ተጋዳላይ ተኽለ፡

ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ኢደ-ስርሓትን

ክፍሊ ኣጽዋርን ብደረጃ መራሕ መስርዕ፣

ድሕሪ ናጽነት ድማ - ፈለማ ኣብ

ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ካብ

1993 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ከኣ፡ ኣብ

ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ ሓላፊ

ኣሃዱ ስራሓት ሓጺንን ቴክኒካዊ ቊጽጽርን

ብምዃን፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት

ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ገዲም ተጋዳላይ ተኽለ ሃብተማርያም፡

በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 29 ታሕሳስ

ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ መካነ-

መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ተኽለ ሃብተማርያም

ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ቅሳነት ተወልደ

ንሰለስተ ኣዋርሕ ሞያዊ ትምህርቲ 193 ተመሃሮ ኮሌጅ ሞያዊ ትምህርቲ ቀሲሞም
ዝቐሰሙ 193 ተመሃሮ ኮሌጅ
ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡
ብ27 ታሕሳስ ተመሪቖም።
እቲ ብሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት
ላዕለዎት ትምህርትን ተወዲቡ ጐድኒ-
ጐድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝቐሰምዎ
ትምህርቲ፡ ምውዳድን ምጽጋንን ናውቲ
ጸሓያዊ ጸዓት፣ ኤለክትሮኒክስ፣ ቋንቋ
ምልክት፣ ከምኡ’ውን ቋንቋ ዓረብ
ዘጠቓለለ እዩ።
ኣብ’ቲ ኮሌጅ ሓላፊ ኣካዳሚያዊ
ጉዳያት ዶ/ር የማነ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ
ቃል፡ መንእሰያት ተመሃሮ ጐድኒ-ጐድኒ
ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ምስ ቴክኖሎጂ
ክላለዩን ተወሳኺ ሞያታት ክቐስሙን
ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡
ብግብራዊ ዕዮ ከማዕብልዎ ተላብዩ።
ኣብ ሃማመተኤ ሓላፊት ምክትታል
ዞባታት ሄለን ኣሚነ ብወገና፡ ሓያል
መንእሰይ ሓያል ሕብረተሰብ፣ ሓያል
ሕብረተሰብ ድማ ሓያል ሃገር ንምውናን
ከምዘኽእል ጠቒሳ፡ ሃማመተኤ ነዚ ክውን
ንምግባር ንጹር ስትራተጂ ሓንጺጹ
ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጻ።
ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዎት
ትምህርትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመትን
መንፈቕን፡ ን687 ተመሃሮ ኮሌጅ
ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ብዝተፈላለየ
ሞያታት ከምዘሰልጠነ ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ
ተገሊጹ።

ፖሊስ፡ ኣብ ባጽዕን ኣስመራን ንተመሃሮ ኣስተምህሮ ሂቦም

ኣብ ባጽዕ፡ ተመሃሮ ኣብ ምክልኻል
ገበናትን በደላትን ምስ ፖሊስ ክተሓባበሩ፡
ኣዛዚ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ኣብ’ታ ከተማ
ተለንተ ከሰተ ገብረህይወት ምስ ተመሃሮ
ኣብ ዝገበሮ ርክባት ገሊጹ።
ተለንተ ከሰተ፡ ኣብ ጸጥታዊ ኵነታት
ከባቢ፡ ራእይ ተመሃራይ፡ ዝምድና ፖሊስን
ተመሃሮን፡ መንእሰያትን ስነ-ምግባርን፡
ከምኡ’ውን ኣብ ካልእ ፖሊስ-ጠቀስ ጉዳያት
ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።
ኣብ’ቲ ኣስተምህሮ፡ ኣስታት 2000 ተመሃሮ
ከምእተሳተፉ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።
ኣብ ኣስመራ እውን ኣቐዲሙ፡ ኣብ ቤት-
ትምህርቲ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን
ደረጃ ደንበ-ሰምበል - ንተመሃሮ ተመሳሳሊ

ገበናትን ጠንቅታቶምን ድሕሪ ምጥቃስ፡
ተመሃሮ ዝምድናኦም ምስ ፖሊስ ከሐዪሉ
ኣዘኻኺሩ።

ከረን - ሚኒስተር ፈውዝያ ኣብ ምዕቃብ ክብርታት ኣስተምህሮ ሂባ
ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡
ብ21 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ከረን፡ ንኣባላት
ባይቶ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን
ዞባታትን ካልኦት ኣካላትን - ኣብ ምዕቃብ
ክብርታት ዘተኰረ ኣስተምህሮ ሂባ።
ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ሕጊን ትግባረኡን
ብቐንዱ ንውሽጣዊ ክውንነትና ከንጸባርቕ
ስለዝግባእ፡ ኣብ ሃገራውን ማሕበራውን
ክብርታት ኣተኲርካ ምዕያይ ከምዘድሊ፣
ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ብሚኒስትሪ ፍትሒ
ዝተታሕዙ - ብፍላይ ኣብ ምዕዛዝ ንጡፍ

ተሳታፍነት ህዝቢ ዝቐንዑ መደባት
ከምዘለዉ ገሊጻ።
ቀጻልነት ናይ’ቲ ካብ ወለዶ ናብ
ወለዶ ዝመሓላለፍ ባህላዊ ውርሻ
ዝዀነ ‘ተማእዛዝነት ንሕጊ’ ንምውሓስ፡
ንቕሓት ናይ ምብራኽ መደብ ብዝለዓለ
ከምዝስራሓሉ፡ ንክብርታትና ኣካል
ሃገራዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ንምግባሮም
ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ እውን
ኣረዲኣ።
ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ምስ’ቲ ተዳልዩ ዘሎ

ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ኣብ ስርዓተ-ቀረብ ማይ ትምህርቲ ወዲቡ
ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡
ኣብ ምሕደራ ማይን ስርዓተ-ቀረብ
ማይን ዝነጥፉ ካብ መላእ ሃገር
ዝተዋጽኡ 68 ኣባላቱ፡ ኣብ ስርሖም
ዝሕግዞም ናይ 10 መዓልታት ስልጠና
ወዲቡ።
እቲ ብግብሪ ዝተሰነየ ስልጠና፡
ምግጥጣምን ምጽጋንን መስመራት
ማይ፣ ምትካል ጸሓያዊ ጸዓት፣
ከምኡ’ውን ምግጥጣምንን ምጽጋንን
ናይ ኢድ ፖምፓታት ዘጠቓለለ
ምንባሩ፡ ኣብ’ቲ ሚኒስትሪ ሓላፊ

ኣስተምህሮ ተዋሂቡ ነይሩ።
ኣብ’ቲ ኣስተምህሮ፡ ተራ ተመሃሮ
ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ቤት-ትምህርቶም፣

ከምኡ’ውን ኣገዳስነት ምሕያል ዝምድና
ተመሃሮን ፖሊስን ኣብ ምግታእ ገበናትን
ዘይስነ-ምግባራዊ ተርእዮታትን ብሰፊሑ

ተገሊጹ።
ኣዛዚ 5ይ መደበር ፖሊስ ሰርጌንት በየነ
ርእሶም፡ ዓይነት ናይ’ቶም ዝውቱራት

ሓድሽ ውዳበ ኣብያተ-ፍርዲ ተዛሚዱ፡
ቀጻልነት ክብርታትና ንምውሓስ፣
ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ንምዕባይ፣
ከምኡ’ውን ሰላም፡ ርግኣትን ስኒትን
ንምርግጋጽ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ
- ኣካላት ሽምግልና ዕርቂ ቈይሞም
ከምዘለዉ ሓቢራ።
ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ንምምሕያሽ ውዳበ
ኣብያተ-ፍርዲ ብዛዕባ ዝወጽአ ኣዋጅ
ቊጽሪ 184/2023፡ ብኣባላት ሚኒስትሪ
ፍትሒ መግለጺ ተዋሂቡ።

ኣሃዱ ኦፐሬሽንን ጽገናን ኣቶ ርእሶም
ተኽለማርያም፡ ብ21 ታሕሳስ ኣብ
ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ
ገሊጹ።
እቲ ትምህርቲ፡ ነቲ ኣብ ባይታ
ከጋጥም ዝጸንሐ ሃልክን ኰለልን ኣብ
ምድሓን ዓቢ ተራ ከምዝህልዎ ጠቒሱ
ድማ፡ ሰልጠንቲ ንዘርኣይዎ ልዑል
ድሌትን ተገዳስነትን ንኢዱ።
ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ
ኣቶ መብራህቱ እያሱ፡ ስርዓተ-
ቀረብ ማይ ብቐጥታ ምስ ህይወት
ስለዝተኣሳሰር ናይ ቀዳምነታት

ቀዳምነት ከምዝዀነ፣ ነተን በብግዜኡ
ዝተዋደዳ ትካላት ቀረብ ዘቤታዊ
ማይ ዝከታተልን ዝጽግንን ዓቕሚ-ሰብ
ምምዕባል ከኣ፡ ቀጻልነት ቀረብ ዘውሕስ
ምዃኑ ኣረዲኡ።
ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን
ኣቶ ተስፋይ ገብረሰላሴ፡ ሰልጠንቲ
ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ናይ መጀመርያ
እምበር ናይ መወዳእታ ከምዘይኮነ
ተገንዚቦም፡ ቀጻልነት ናይ’ቲ በብከባቢኡ
ዝዋደድ ትካላት ቀረብ ማይ
ከረጋግጹ ትጽቢት ከምዝግበረሎም
ኣዘኻኺሩዎም።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 3

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሕቶ ሸባብ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ሸባብ

ሃማመ ተኤ

ደዋሊ፤ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ
ብቴለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ ኣይተጋገኻን። መን
ክብል ካበይ ትድውል ኣለኻ?

ደዋሊ፤ ዮሴፍ እበሃል፥ ካብ
ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ብመጀመርያ
ኣገልግሎትና ብምጥቃምካ ከመስግነካ
እፈቱ። ብምቕጻል እንታይ ክሕግዘካ
ዮሴፍ?

ደዋሊ፤ ኣነስ ምስ ሓብተይ
ክንሰማማዓሉ ዘይክኣልና ጉዳይ
ነይሩ’ሞ ክትሕግዘኒ እየ ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ዓቕምና ጥራይ
ይኹን’ምበር ኣጆኻ ኣይትሰከፍ። ነጻ
ኴንካ ሓሳባትካ ግለጽ።

ደዋሊ፤ ጽቡቕ የቐንየለይ! እሞ እቲ
ምስ ሓብተይ ዘከራኽረና ዘሎ ጉዳይ
ናይ ኣቦይ እዩ። ኣዴና ንሕሳስልደ
ሓብትና ክትሓርስ ብሞት ምስ
ተፈልየትና፡ ን26 ዓመታት ዝኸውን
ምስ ኣቦና ኢና ኣሕሊፍናዮ።
ኩልና ኣሕዋት ኣርባዕተ ኴንና፡
ነቶም ሰለስተ ቅድሚ ዓሰርተ
ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ኣቦይ ባዕሉ
ኣመርዕዩ ሓዳርና ኣውጺኡና። እታ
ሕሳስልደ ሓብትና ድማ ክሳዕ ሕጂ
ነቦይ ክትናብዮ ጸኒሓ። ሕጂ ግን
ንሳ’ውን ተመርዕያ ሓዳራ ፈልያ
ትርከብ። ድሕሪ መርዓ ሓብትና
ኣቦይ ኣይጠዓሞን። ናባዪ ግዲ ስኢኑ
ጃጅዩ። ኩሉንትንኡ በቃ ንድሕሪት
ተመሊሱ። ዕድመ’ውን ኣይቀለለን።
ኣብዚ ግዜ’ዚ ወላዲና ወዲ 79
ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ዘልዕሎ ወይ
ዝናብዮ ዝደሊ’ዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ
ኩነታት መን የልዕሎ ከሰማምዓና
ኣይከኣለን።

ኣማኻሪ፤ ዝኣልዮ ስኢኑ
ማለትካ ድዩ? ኣይሓዝኩኻን’ሞ።
ዘየሰማምዓኩም ዘሎ እንታይ እዩ?

ደዋሊ፤ ዝኣልዮስ ኣይስኣነን። ደቁ
ክልተ ኣወዳትን ክልተ ኣዋልድን
ኢና። ኣነን እዘን ክልተ ኣሓተይን
ኣብ ኣስመራ ኢና እንቕመጥ። እቲ
ሓደ ወዲ ዝበልኩኻ ድማ ንዓይ
ምዕባየይ ኮይኑ፡ ምስ ሓዳሩ ኣብ
ኦምሓጀር እዩ ዝቕመጥ። ኣናብራና
ከምዚ ዝበልኩኻ ኮይኑ፡ ድሕሪ
መርዓ ሓብትና ከም ወዲ መጠን
ንዓይ ስለዝቐርብ፡ ግቡአይ ክገብር
ኢለ ነቦይ ንገዛይ ወሲደ ክናብዮ
ጀሚረ። ተግባራተይ ዘየሐጎሳ ቦኽሪ
ሓብተይ ግን ወላድየይ ምእላየይ
ኣይተዋሕጠላን። “ኣነ እየ ዝናብዮ
ምሳይ ይሕሾ፡” እናበለት ለይትን
ቀትርን ዕረፍቲ ከሊኣትኒ። ናይ
ምልዓል ሓላፍነት ንዓይ ከም
ዝምልከት ደጋጊመ ነጊረያ። ፈጺማ
ክትሰምዓኒ ኣይክኣለትን። በቃ ባእሲ
እዩ ተሪፉና ዘሎ። ዝገብሮ ጠፊኡኒ
እየ ናባኹም ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ሓብትኹም ንምንታይ
ምሳይ ይሕሾ ትብል ከም ዘላ ርግእ
ኢልካ ሓቲትካያዶ?

ደዋሊ፤ ንሳ ድኣ፡ “ድሌታቱ ጽን
ኢለ ዝሰምዖ ኣነ እየ። ንሱ’ውን
ንዓይ’ዩ ከይተሰከፈ ክእዝዘኒ
ዝኽእል፡ ሃበኒ ንዓይ ይኽበደኒ፡” እያ
ትብል። ኣነ ግን ኣይተቐበልክዎን።
እቲ ሓደ ሓወይስ’ኳ ኣብ ርሑቕ
ሰፊሩ ናተይከ እንታይ ክምኽነዮ’ዩ?
ንእሽተይ ወዱ እንከለኹስ ምስ ጓሉ
ክእለ!

ኣማኻሪ፤ ቅድሚ መርዓ ንእሽተይ
ሓብትኹም እናልዓለቶ እንከላ
ናትካን ናይ ሓብትኻን ተሳትፎ
ከመይ ነይሩ? ማለተይ ካብ
ክልቴኹም መን ዝያዳ ቅርበት
ነይዎ?

ደዋሊ፤ ኩልና ተመሳሳሊ ቅርበት’ዩ
ነይሩና። ብፍላይ ሰንበት ብሓደ
ተመሲሕና ቡን ሰቲና ኢና ንፈላለ
ነይርና። ናይ ጓል ነገር ግን፡ እታ
ዓባይ ሓብተይ ዝያዳ ትመላለሶ
ነይራ። ንእሽቶ ሓብተይ ንስራሕ
ክትከይድ እንከላ እናኸደት ነቦይ
ቡን ተስትየላ፡ ክዳውንቲ ትሓጽበላ፡
መጎጎ ትኣጉደላ ነይራ። ብኸምዚ
ቍሩብ ናታ ይዛይድ ይኸውን’ምበር
ሓደ ኢና።

ኣማኻሪ፤ ተሳትፎ ብዓልቲቤትካኸ
ከመይ ነይሩ?

ደዋሊ፤ ብዓልቲቤተይ ካብ ገዛ
ምውጻእ ብዙሕ ኣይትፈቱን እያ።
ኩሉ ግዜ ኣይኮነን ድኣ’ምበር
ሰንበት ናብ ኣቦይ ክንከይድ እንከለና
ምሳይ ትኸይድ ነይራ እያ። ኣብ ገዛ
ንዝመጻ ግን ትገብረሉ’ዩ ዝጠፍኣ።
ኣዝያ ለጋስ’ያ። ሕጂ’ውን ነቦይ
ብዘይ መጠን’ያ ትከናኸኖ ዘላ።

ኣማኻሪ፤ መቸም ክልቴኹም
ውሉዳት ንጽቡቕ ወላዲኹም
ብምሕሳብ ትከራኸሩ ምህላውኩም
ብእወታ ክርአ ዘለዎ’ዩ።
ከቀያይመኩም’ውን ኣይግባእን።

በዚ ሎሚ ብዙሓት ወለዲ ዘልዕሎም
ውሉድ ስኢኖም ኣብ ጎረባብቲ
ክናበዩ እንከለዉ፡ ኣቦኹም ግን
ደቁ ንዓይ ንዓይ ክትብልሉ
እንከለኹም ቅዱስ ቅንኢ ዘሐድር
ሰናይ ተግባር’ዩ። ንናብዮት
ወላዲ ብዝምልከት ሕብረተሰብና
በብኸባቢኡ ዝፈላለ ኣገባባት ወይ
ወግዕን ባህልን ኣለዎ። ንኣብነት
ሕሳስልደ ውሉድ በቲ ቀደም ግዜ
ወራሲ ገዛ ስለዝነበረ ወለዱ ናይ
ምልዓል ሓላፍነት ይስከም ነይሩ።
እዚ ምስ ዘይከውን ከኣ ምስ ኣብ
ማእከል ዓዲ ሓዳራ ዝወጸት ጓሉ
ከም ዝናበ ይግበር ነይሩ። ካብዚ
ወጻኢ ንዝፍጠር ጸገማት ግን ኩሎም
ውሉዳት ተኣኪቦም ይዝትዩ’ሞ
ይሓይሽ ዝበልዎ ይውስኑ ነይሮም።
ኣብዚ ሎሚ እዋን ግን ንስኹም’ውን
ንወላዲኹም ኣየናይ ከም ዝጥዕሞ
ነየናይ ከም ዝመርጽ እንተትሓትዎዶ
ኣይምሓሸን?

ደዋሊ፤ ኣቦይ ድኣ ወሪድዎ፡
እንታይ ብሃላይ ኮይኑ! “ብኣይ
ኣይትገራጨዉ ‘ዞምደቀይ፣
ኩልኹም ጥዑማት ኢኹም። ኣነ
ዝደሊ መዕቆቢ ተሰማሚዕኩም ኣብ
ዘእተኹሙኒ ክነብር ድሉው እየ፡”
እዩ ዝብለና።

ኣማኻሪ፤ ኣቦኹም ኣብ ዝበልክሞ
ክቕመጥ ዝኽእል ካብ ኮነ
ሓብትኻ’ውን ወግሐጸብሐ ሃበኒ
እናበለት ካብ ኣሸገረትካ፡ ካብ ባእሲ
ክትድሕኑ ንሳ እንተልዓለቶ እንታይ
ጸገም ኣለዎ?

ደዋሊ፤ ናይ ዝደለኻ መዓስ
ኮይኑ። ንምንታይ ወግዒ ነፍርስ!
ሓዊ ሓዊ ዝጨኑ ወዱ ብህይወት
እንከለኹስ ምስ ጓሉ ክእለ! ንሳስ
ግርማ ክትከልኣኒ ኢላ’ምበር መዓስ
ጠፊኡዋ? ክምረቕ ኣይደለየትንን።
ወረ ናታስ ደለየ ምኾነ፡ ሰብከ
እንታይ ክብለኒ ወደይ!

ኣማኻሪ፤ እቲ ዝዓበኹሙሉ ገዛ
ኣቦኹምከ ሕጂ መን ኣለዎ?

ደዋሊ፤ እቲ ገዛ’ኳ ክራይ’ዩ።
ምስቶም ዋና ተረዳዲእና ገዝኡን
ንብረቱን ብናይ ኩልና ስምምዕ እታ
ሕሳስልደ ሓብትና ሓዳራ ክትወጸሉ
ገዲፍናላ። ብዘይ ኣደ ስለዝዓበየት
መተባብዒ ክኾና ኣቦይ ግደፉላ
ኢሉና። ንሕና’ውን ኣበይ ከይዱና
ኢልና ኣይተቓጸጽናያን። ብኣኡ’ኳ
ሕጉሳት ኢና።

ኣማኻሪ፤ እሞ ክልቴኹም ካብ
ዘይተሰማማዕኩም፡ እታ ንኡሽቶ
ሓብትኹም ዘይተልዕሎ? በቲ ሓደ
ኣብ ዝለመዶ ገዛ ምኾነሉ፡ በቲ ሓደ
ድማ ካብ ባእሲ ምድሓንኩም።

ደዋሊ፤ ወላዲ ከተልዕል ቀሊል
ስራሕ ኣይኮነን። ድሌታቱ ክበዝሕ
ስለዝኽእል ብሰንኪ ስእነት ወላዲ
ክሓስሞ ይኽእል’ዩ። ስለዝኾነ ምስ
ድሓን ዓቕሚ ዘለዎ ክናበ ይምረጽ።

ኣማኻሪ፤ ብኹነታት መነባብሮኸ
መንኩም ይሓይሽ?

ደዋሊ፤ ኣበይ ኣበይ! ኣነ ይሓይሽ።
ኣውቲስታ ዓባይ መኪና ስለዝኾንኩ
ድሓን ዝኾነ መነባብሮ እዩ ዘለኒ።
ዓባይ ሓብተይ ግን ተመስገን
ብሃሊት ኮይና’ምበር እንታይ
ሃልይዋ። እንተሃለዋ’ውን ካብ ደቃ
ዝሓልፍ ኣይመስለንን። ከይወፈሩ
ከይሸቀሉ ክኽደኑን ክሽለሙን
ዝውዕሉ ደቂ’ዮም ዘለዉዋ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ዕብየት ዝርከቡ
ወለዲ ብፍላይ ከኣ ሞት ወይ
ምፍልላይ መጻምድቲ ዘጋጠሞም
መተዓልልቲ ወይ ዘዘናግዕ ሰብ
ይደልዩ እዮም። ጽምዋ ኣይክእሉን
እዮም። ማለት ልዕሊ ኹሉ ብዙሕ
ግዜ ክትህቦም’ዮም ዝፈትዉ።
ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ
ክልቴኹም ምስ ወላዲኡ ዝበዝሐ
ግዜ ከሕልፍ ዝኽእልከ መንኩም’ዩ?

ደዋሊ፤ ኣብ ግዜ መጺኻ’ኳ
ሓብተይ ትሓይሽ። ምብጻሕ እንተ
ዘይረኺባ፡ ገዛ’ያ ትውዕል። ኣነ ግን
ከም ዝበልኩኻ ናብራ ኣውቲስታ
ደገደገ እንድዩ፣ ሓቂ ይሓይሽ
ንዕላል ዝኸውን ግዜ ይሓጽረኒ’ዩ።
ብዛዕባ ኻልእ ግን ብዓልቲቤተይ
ዝኣክል ስለዝገድፈላ ጸገም የብልናን
በሃሊ እየ።

ኣማኻሪ፤ ብዘይካ’ቲ ባህልን ወግዕን
እትብሎ ዘለኻ ኣቦኻ ምስ ጓሉ
እንተተኣልየ፡ ኣብ ኣቦኻ ክወርድ
ዝኽእል ዘሰክፈካ ሳዕብየናት ኣሎ
ድዩ?

ደዋሊ፤ ዘጸግም ወይ ዘሰክፍ’ኳ
የብለይን። ወግዑ ግን ምሳይ
ክኸውን’ዩ ዝሓይሽ። ድሓር ከኣ
ብትሕዝቶ ኣነ ስለዝሓይሽ ብጽቡቕ

ምናበኽዎ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርካ ዮሴፍ፡
ንስለባህልን ወግዕን እትብሎ ዘለኻ
እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣቦኻ ኣብ ጓሉ
እንተ ተቐመጠ ዘጸግሞ ኣይኮነን።
እቲ ጸገም ጠለባት ኣቦኹም ዘይኮነስ
ናይ ክልቴኹም ምቅጻጽ’ዩ።
ስለዚ ጠባያትን ድሌታትን ኣቦኻ
ደጋጊምካ ኣጽንዓዮ። ከየቐይመኩም
ስለዝስከፍ ኣፉ ከፊቱ ምስ ኩስቶ
ይሕሸኒ ክብል ክኸብዶ እዩ። ንስኻ
ብዓልቲቤትካ ዋላ ሓላል ትኹን
ትኸብዶ ከይትኸውን፡ ሓብትኻ’ውን
ከምኡ ንብዓልቤታ ይስከፎ ከይከውን
ገገዛኹም ምፍታሽ ኣገዳሲ’ዩ። ከምቲ
ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ሰብ ማይን
መግብን ጥራይ ኣይኮነን ዝደሊ።
ሳሕቲ ብሕማቕ ዘይኮነስ ብሰንኪ
ዘይምርድዳእ ወይ ዘይምንባብ ንሰብ
ይጠቕሞ ኣለኹ እናበልካ ጸቕጢ
ትፈጥረሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ።
ስለዚ ፍቕርኹምን ሓልዮትኩምን
ከየጉደልኩም ነቦኹም ዝሓይሽ
ተጣበቡ።

ደዋሊ፤ ንሱስ ሓቅኻ ብዙሕ ግምት
ኣይሃብክዎን። ወረ ብዓልቲቤተይሲ
ሓላል እያ ድኣ’ምበር ጠዊቕካ
ኢኻ ተዛርባ። ሓብተይ ግን ሰብኣያ
ኣብ ስደት’ዩ ዝነብር። ሓንሳብ
ኣብ ዓመት’ዩ ዝመጽእ። ወርሒ’ኳ
ኣይመልእን። ግን እቲ ትሕዝቶኣስ
ኣየተኣማምነንን’ዩ። እንታይ
ክትቅልቦ?

ኣማኻሪ፤ ሓደ ሒዝዎ ማለት ንሱ
ባዕሉ ኩሉ ድሌታቱ ይሽፍነሉ ማለት
ኣይኮነን። እቲ ዝናቢ ዘሎ ዝበልዖ
እናበልዐ ብጽሬት ይኣልዮ እንተ’ልዩ፡
እቶም ካልኦት ውሉዳት ከኣ፡ ከከም
ዓቕሞም ገሊኦም ናይ ኣስቤዛ፡ ገለ
ናይ ክዳንን ሕክምናን፡ ገለ ድማ
ናይ ጉልበት ሓገዝ ክደጋገፉ እዩ
ዝግባእ። ስለዚ ወግሐጸብሐ ምሳይ
ምሳይ እናበልኩም ካብ ተሸቝርርዎ፡
ሓዴኹም ሕድገት ግበሩ።

ደዋሊ፤ ኣነስ በቲ ሓደ ከይጎድሎ
በቲ ሓደ ድማ ሰብ እንታይ
ክብለኒ ካብ ዝብል እየ’ምበር ኣብ
ኣሕዋተይ’ኳ ጽልኢ የብለይን። ዋላ
ዘይፍትኖ። እተጠዓሞ ጽቡቕ፣ እንተ
ዘይጠዓሞ ከኣ ንገዛይ ይመልሶ።

ኣማኻሪ፤ ሰብ እንታይ ክብለኒ
ኣይትበል። ገያሻይ ስለዝኾንካ ሰብ
ዝብለካ የብሉን። ነቶም ካልኦት
ኣሕዋትካ’ውን ክተሓጋገዙ ከም
ዘለዎም ከተረድኦም ፈትን። ኣብ
ምዕዶኻ ክትዕወት፡ ሕርቃንን ኩራን
ኣወግድ።

ደዋሊ፤ የቐንየለይ! ብዙሕ’የ
ዘመስግን። ቅንይ ኢለ ክድውለልካ
እየ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ መስመር ኣለና።
ዓወት እምነየልካ።

ናብዮት ኣቦ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 4

ፊልማዊት መዓሾ

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቊ.ስልኪ 182225/ 07620602/ 07422682 - ቊ.ሳ.ፖ 1048

ዓንደመስቀል በርሀ/ ስየ ነጋሽ

ሕርሻን

መግብን

2ይን መወዳእታን ክፋል

ቍጽጽር ወይ ምጥፋእ ኣንበጣ

ቊጽጽር ኣንበጣ ማለት ዝተራእየ
ለበዳ ኣንበጣ ንምጥፋእ ዝግበር
መስርሕ እዩ። ኣብ ግዜ ቊጽጽር
ክንግንዘቦ ዝግባእ፡ እቲ እነካይዶ
ቍጽጽር ሸቶኡ ከም ዝወቕዐ
ክግምገም ከምኡ’ውን ድሕነት
ኣከባቢ ኣብ ግምት ከም ዝኣተወ
ምርግጋጽ የድሊ።
እዚ ማለት ኣብ እዋን መስርሕ
ምንጻግ፡ ኣብ ሰብ፡ ጥሪት፡ ዘራእቲ፡
ማይን ኣከባብን ጕድኣት ከይወርድ
ምጥንቃቕ የድሊ። እቲ እንነጽጎ ጸረ-
ባልዕ፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ጻዕቂ ናይ
ባልዕን ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣትን
ኣብ ግምት ብምእታው ብጥንቃቐ
ምትግባሩ ኣገዳሲ እዩ።

ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት
ኣብ ቊጽጽር ኣንበጣ
ሀ. ስነ-ህይወታዊ
ንዕብየት ኣንበጣ ዝጻብኡ ነፍሳት
ማለት ከም ፋንጋስ፡ ባክተርያ፡
ቫይረስ ወዘተ. ከምኡ’ውን ኣንበጣ
ዝምገቡ ፍጡራት ማለት ኣዕዋፍ፡
ደርሁ፡ ለመምቲ ወዘተ. ተጠቒምካ
ዝግበር ሜላ ቍጽጽር እዩ። እዚ
ኣገባብ ብከላ ኣከባቢ ስለ ዘየስዕብ
ተመራጺ እዩ።
ብፍላይ ብደርሁ ዝግበር ሜላ
ቍጽጽር ኣንበጣ፡ ድርብ ረብሓ
ኣሎዎ። ምኽንያቱ፡ ኣንበጣ ብዙሕ
መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ፡ ብቑዕ
መግቢ ደርሁ ስለ ዝዀነ፡ ንኣፍረይቲ
ደርሁ ውሕስነት መግቢ ክፈጥር
ይኽእል። ገለ ሃገራት እስያ፡ እዚ
ሜላ ከም ዝጥቀማሉ ይፍለጥ።
ብሜታሪዝዩም ፋንጋስ ተጠቒምካ
ዝግበር ሜላ ቊጽጽር ኣንበጣ’ውን
ኣድማዒ ውጽኢት ካብ ዝተረኽበሎም
ሜላታት ቍጽጽር እዩ። እዚ ፋንጋስ፡
ኣብ ኢንዱስትሪ ምስ ተመስርሐ፡

ንግዳዊ ስሙ ብግሪን ማስል (Green
muscle) ይፍለጥ። እዚ ሜላ ኣብ
ከም ብዓል ሞሮኮን ኣውስትራልያን
ዝኣመሰላ ሃገራት ኣድማዒ ውጽኢት
ተረኺብዎ’ዩ። ኣብ ሃገርና’ውን ካብ
2020 ጀሚሩ ኣብ ፈተነ ይርከብ።

ለ. ባህላዊ (ያታዊ) ኣገባብ
ሓረስቶት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ
እናተወራረሱ ዝጥቀምሉ እተፈላለየ
ያታዊ ኣገባብ ምክልኻል ኣሎዎም።
እዚ ኣገባብ፡ ዋላ’ኳ ምሉእ ብምሉእ
ኣንበጣ ንምክልኻል ዘኽእል
ኣይዅን፡ ንቝጽሪ ኣንበጣ ብፍላይ
ድማ ንኩብኩብታ ከም ዝጐድል
ይገብሮ። ገለ ካብቶም ያታዊ
ኣገባባት ምክልኻል እዞም ዝስዕቡ
እዮም።

-ጉድጓድ ብምዅዓት፡ ነቲ
ኩብኩብታ ኣብ ጉድጓድ ከም ዝኣቱ
ጌርካ ምቕባር፡
- ቈጽሊ ገረብ ጌርካ ምጭፍጫፍ፡
- ትኪ ብምትካኽ ነቲ ዕስለ ከም
ዝሃድም ምግባር፡

- እንቋቝሖ ዝተጸፍየሉ ቦታ
ምግልባጥ (ምሕራስ፡)
- መዓልትን ለይትን ምስ ኣንበጣ
ተቐዳዲምካ ምህርቲ ምእካብ፡
ወዘተ.።
ሐ. ከሚካዊ ቊጽጽር
ኤርትራ ሓዊስካ፡ መብዛሕትአን
ብኣንበጣ ዝጥቅዓ ሃገራት ብሰፊሕ
ዝጥቀማሉ ኣድማዒ ሜላ ቍጽጽር፡
ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ብምንጻግ እዩ።
እዚ ሜላ ኸኣ ኣንበጣ ኣብ ደረጃ
ኩብኩብታ ወይ እኹል ደረጃ
ኸሎ ኣድማዒ እዩ። ገለ ኻብቶም
ኣብ እዋን ምንጻግ ኣገደስቲ ዝዀኑ
ረቛሒታት፡ ጻዕቂ ኣንበጣ ኣብ ግምት
ምእታው፡ ግቡእ ዓቐን መድሃኒት
ጸረ-ባልዕ ምጥቃም፡ መሳርሒታት
መንጸጊ ጸረ-ባልዕ ምቕናይ፡ ምቹእ
ግዜ ምንጻግ ምሕላውን መስቀላዊ
ኣንፈት ንፋስ ሓሊኻ ምንጻግን
የጠቓልሉ።
እዚ ሜላ፡ ዋላ’ኳ ኣድማዒ እንተዀነ፡
ኣብ ሰብ፡ ጥሪትን ኣከባብን ዘስዕቦ
ጉድኣት ግና ዝንዓቕ ኣይኰነን።

ተመኵሮ ሃገርና ኣብ ቍጽጽር
ኣንበጣ
ሃገርና እትኽተሎ ስትራተጂ
ቊጽጽር ኣንበጣ፡ ‘ኣቐዲምካ
ምክልኻል’ ዝብል እዩ። ሓደ
ካብዞም መሰረታውያን ረቛሒታት፡
ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚ ዝምርኰስ
መሓለውታ ውጥን ምድላው እዩ።
ንኣንበጣ ብቐረባ ንምምካት፡ ኣብቲ
ዝፈርየሉ ቦታ ነቝጣታት ብምድኳን
ገና ከይሳዕረረን ለበዳ ከይፈጠረን
ኣብ ደረጃ ኩብኩብታ ኸሎ ስጕምቲ
ንምውሳድ የኽእል። ካብ ጎረባብቲ
ሃገራት ሳጊሙ ንዝመጽእ ኣንበጣ፡
ኣብ መዕረፊኡ ኸሎ ብለይቲ ዝግበር
ቊጽጽር ኣንበጣ እውን ሓደ ካብቶም
ሃገርና እትጥቀመሎም ኣድማዕቲ
ስጕምትታት ቍጽጽር እዩ።
ውህደት ዝምልከቶም ኣካላት
መንግስቲ፣ ብኣባላት ወፍሪ
መዓልታዊ ወትሩ ምሸት ዝግበር
ጋምጋም ውዕሎን ውጥንን ገለ
ካብቶም ንጽፈት ንጥፈታት ወፍሪ
መኸተ ኣንበጣን ምክትታል
ስራሓትን ካብ ዘኽእሉ ተመኵሮታት
ሃገርና እዮም።
ወፍሪ ቊጽጽር ኣንበጣ፡ ኣዝዩ
ሰፊሕን ኣህላኽን ብምዃኑ፡ ኣብ
እዋን ወፍሪ ኵሉ ዝምልከቶ ኣካል
ክዋሳእ የድሊ። ካብ 2020 ጀሚሩ፡
ወፍሪ ምክልኻል ኣንበጣ ንምሕያል፡
ሓድሽ ውዳበታት ብምትእትታው፡
እቲ ወፍሪ ሰራዊት፡ ምምሕዳር፡
ህዝብን ኣባላት ሕርሻን ዝሓቘፈ
ዀይኑ ይስርሓሉ ኣሎ።

ምርግጋጽ ውሑስ ኣጠቓቕማ
መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ኣብ እዋን
ምክልኻል ለበዳ ኣንበጣ

መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ፡ ብመሰረት
ባልዓት ንምክልኻል ዝህቡዎ

ጥቕምታት፡ ብዓይነቶም ዝተፈላለዩ
እዮም። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፡
- ዘራእቲ ዝበልዑ ሓሳኹ፡ ከም
ኣንበጣ ምድረበዳ ዝኣመሰሉ ባልዓት
ንምጥፋእ፡
- ሕማማት ብቚሊ ንምክልኻል፡
- ጻህያይ ንምእላይ፡
- ኣናጹ ንምቕታል፡
- ወዘተ.።
ጥቕምን ጉድኣትን መድሃኒታት
ጸረ-ባልዕ
መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ብኣፍልጦን
ጥንቃቐን እንተተጠቒምናሎም፡
ኣብ ምክልኻልን ምጥፋእን ባልዓት
ኣድማዒ ተራ ይጻወቱ። በቲ
ዝድለ ኣገባብን መምርሕን ምስ
ዘይንጥቀመሎም ግና ኣብ ሰብን
እንስሳን ከቢድ ጥዕናዊ ሃስያ የስዕቡ፣
ኣከባቢ ድማ ይብክሉ።
ብመድሃኒት ጸረ-ባልዕ ዝተጠቕዐ
ሰብ ወይ ድማ እንስሳ እዞም ዝስዕቡ
ምልክታት የርኢ፡-
• ቁጥዐ ቈርበት ወይ ድማ ክስተት
ናይ ደቀቕቲ ቀያሕቲ ዕንፍሩር፡
ሕማም ርእሲ፡ ተምላስን ውጽኣትን፡
ምፍዛዝ፡ ድኻም፡ ምጥፋእ ሃለዋት፡
ተደጋጋሚ ርሃጽ፡ ምዕፋን ኣፍልቢ፡
ምስዓልን ቃንዛ ኣፍልብን፡ ቅርጸትን
ውጽኣትን፡ ሳሓን ምንባዕን ኣዒንቲ
ወዘተ.
ስለዚ፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም
ዘለዉ ምልክታት ምስ እንዕዘብ፡
ናይቲ ዘጥቅዓና መድሃኒት ጸረ-ባልዕ
ምሉእ ሓበሬታ ብምሓዝ ብዘይ
ወዓል-ሕደር ናብ ሕክምና ምኻድ
የድሊ።
ቀዳማይ ረዲኤት
• ኣብ እዋን ወፍሪ ምክልኻል
ኣንበጣ መሳርሒታት ቀዳማይ
ረድኤት ዝሓዘ ሳንጣ ድሉው
ምህላዉ ክረጋገጽ ይግባእ፡
• መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ድሕሪ
ምትንካፍ፡ ኣጻብዕ ናብ ኣፍ ክኣቱ
ኣይግባእን። ምናልባት ብዘይፍላጥ
እንተተፈጺሙ ግና ኣፍ ብማይ
ብምጕጽጓጽ ክጸሪ ይግባእ፣ ኣስጋኢ
ምስ ዝኸውን ድማ ናብ ዝቐረበ
ማእከል ጥዕና ምኻድ የድሊ።
• መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ናብ ኣዒንቲ
ምስ ዝኣቱ፡ ንዓሰርተ ደቓይቕ
ደጋጊምካ ብጽሩይ ማይ ምሕጻብ፣
ብተወሳኺ ብጽሩይ ሻሽ ንሓጺር
ግዜ ከም ዝሽፈን ምግባር። መድሃኒት
ጸረ-ባልዕ ኣብ ቈርበት ምስ ዝትንክፍ
ድማ ኣካላት ብማይን ሳሙናን
ብምሕጻብ ጽሩይ ክዳን ምኽዳን።
መስርሕ ምድላው መድሃኒት
ጸረ-ባልዕ
መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ኣብ ፋብሪካ
ኣብ ዝምስርሓሉ ብኽልተ መገዲ
ተዳልዩ ይቐርብ፦
• ንጡፍ መርዛዊ ትሕዝቶ፡- እዚ
ነቲ ባልዕ ክቐትል ዝኽእል ባእታ
ናይቲ ጸረ-ባልዕ’ዩ፡
• መሓፍስቲ ወይ ድማ መማልእቲ
ጸረ-ባልዕ፡- እዚ፡ እቲ ኣብ ጥቕሚ

ዝውዕል መድሃኒት ጸረ-ባልዕ
ንኽሓቅቕ፡ ምስ ካልኦት ፈሰስቲ
ተወሃሂዱ ንኽብተን ከምኡ’ውን
ናይ ምጥባቕ ባህሪ ንኽህልዎን
ዝሕግዝ’ዩ።

ኣብ እዋን ምክልኻል ለበዳ ኣንበጣ
እንጥቀመሎም መድሃኒት ጸረ-ባልዕ

እዞም ዝስዕቡ’ዮም፡-

• ብማይ ዝብጽበጹ መድሃኒታት
ጸረ-ባልዕ - Emulsified

Concentration (EC)
• ማይ ዘይሕወሶም መድሃኒታት
ጸረ-ባልዕ - Ultra -Low volume

(ULV)

ኣብ ቅድመ-ወፍሪ ምክልኽል
ኣንበጣ ክግበሩ ዘሎዎም ምድላዋት
• ኵሉ ኣባል ወፍሪ ምክልኽል
ኣንበጣ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ጥዕና
ከምዘሎ ምርግጋጽ፡
• ኵሉ ኣብ ወፍሪ ዝሳተፍ ክኢላ፡
ንድሕነት ዝምልከት ግቡእ ስልጠና
ምውሳዱ ምርግጋጽ፡
• ኵሉ መሳርሒታት ወፍሪ ከም፣
መንጸጊታት፡ ነጸግቲ መካይን፡
ጨንጓዕቲ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ
ጥዕናኡ ተረጋጊጹ ንስራሕ ድሉው
ከም ዝዀነ ምርግጋጽ፡
• ኣብ ቦታ ወፍሪ ንዝርከቡ ነበርቲ
ኣቐዲምካ ብዛዕባ ወፍሪ ሓበሬታ
ምሃብ።
ምጕዕዓዝ መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ
መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ኣብ
እነጐዓዕዘሉ እዋን፡ እዞም ዝስዕቡ
ነጥብታት ክማልኡ ይግባእ፣
• መትሓዚ፡ ዝዀነ ላሕኲ ከም
ዘይብሉ ምርግጋጽ፡
• መትሓዚ፡ ብግቡእ ዝተዓሸገን
ጽሑፋዊ መግለጺ ዘሎዎን ምዃኑ
ምርግጋጽ፡
• መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ክራገፍን
ክጸዓንን ከሎ ምድርራብ መድሃኒት
ክውገድ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ምሉእ
ናይ ውልቀ-ድሕነት መሳርሒታት

(በጃ) ክልበስ ይግባእ።

መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ኣብ እንነጽገሉ
እዋን፡ እዞም ዝስዕቡ ጥንቃቐታት
ክዝውተሩ ይግባእ፡

• ምሉእ ኣካላት ብበጃታት ምሽፋን
(ክዳን፡ መረጼን ዓይኒ፡ ጫማን
ጓንትን)፡
• እንስሳታት፡ ካብቲ ናይ ለበዳ ከባቢ
ከም ዝርሕቁ ምግባር፡
• ኣብ ማያዊ ምንጪታት ከም
ዲጋታት፡ ራህያታት፡ ዒላታት፡
ከምኡ’ውን ገማግም ባሕሪ
ዘይምንጻግ፡
• ኣብ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት
ዘሎዎም ቦታታት ዘይምንጻግ፡
ኣንበጣ ምስ ዝህሉ ግና ናብ ካልእ
ቦታ ከም ዝለግስ ምግባር፡
• መድሃኒት ጸረ-ባልዕ በኒኑ ምእንቲ
ከይጠፍእ ብርቱዕ ንፋስ ኣብ
ዝህልወሉ እዋን ዘይምንጻግ። ንፋስ
ኣብ ዘይብሉ ሰዓታት’ውን መድሃኒት
ጸረ-ባልዕ ዘይምንጻግ፣ ምኽንያቱ
ነጠብጣብ ጸረ-ባልዕ ብግቡእ ስለ
ዘይዝርጋሕ፡ እዚ ድማ ኣብ ኣከባብን
ሰብን ብኸላ ከስዕብ ስለዝኽእል።
• መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ኣብ
ዝንጸገሉ እዋን፡ መግቢ ወይ መስተ
ዘይምውሳድ።
ድሕረ-ምንጻግ መድሃኒት ጸረ-
ባልዕ
ዕዮ ምንጻግ ምስ ተዛዘመ፡ እዞም
ዝስዕቡ ጥንቃቐታት ክማልኡ
ይግባእ፦
• ተወድዩ ዝነበረ መከላኸሊን
ሰብነትናን ብማይን ሳሙናን
ምጽራይ፡
• ጥርሑ መትሓዚ መድሃኒት ጸረ-
ባልዕ ብግቡእ ምኽዛኑ ምርግጋጽን
ብዝምልከቶ ኣካል ከም ዝውገን
ምግባርን፡
• ኣብ እዋን ወፍሪ ዝተጠቐምናሉ
መንጸጊ መሳርሒታት፡ ከም ነጸግቲ
መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ነጸግቲ መካይን

ኣብ ፍሉይ መሕጸቢ ቦታ (ንኣብነት
ከም ኣብ ጋድም ሓሊብ ዝርከብ

ትሕቲ ቕርጺ መሕጸቢ) ብምጽራይ
ኣብ ግቡእ ቦታኦም ምቕማጥ። ኣብ
ግዜ ወፍሪ ዝተረፈ መድሃኒት ጸረ-
ባልዕ ኣብ ውሑስ ቦታ ምኽዛን።

***

ምንጪ ጽሑፍ፦ መወከሲ ጽሑፍ ባህርያት፡
ስነ ህይወትን ቊጽጽርን ኣንበጣ ምድረበዳ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ባህርያት፡ ስነ-ህይወትን ቊጽጽርን ኣንበጣ ምድረበዳ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 5

ሓሳባት ሓሳባት
ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት

ናጻ ንግዲ ፍታሕ ኣይኮነን
ብክልሰ-ሓሳብ ይኹን ብግብሪ ናጻ
ንግዲ ፍሹል ፖሊሲ እዩ። ይኹን’ምበር
ብተደጋጋሚ ሕማቕ ውጽኢት
ዝተመዝገቦ ፖሊሲ እናኾነ እውን
ሃብታማት ሃገራት ካብ 1980ታት
ኣትሒዘን ናጻ ንግዲ ኣብ ምስፍሕፋሕ
ኣተኲረን ክሰርሓ ጸኒሐን ኣለዋ።
ኣብ ዝቐደመ ክፋላት ከም ዝረኣናዮ፡
ክሳብ 1970ታት ሃብታማት ሃገራት
ድኻታት ሃገራት ዝያዳ ጽወናን
(ፕሮተክሺኒዝም) ድጎማን ክጥቀማ
ከም ዘለወን ኣጥቢቐን ይላበዋ ነይረን።
እዚ ርእይቶ ኣብ 1980ታት ክልወጥ
ጀሚሩ። እዚ ለውጢ’ዚ፡ ኣመሪካ
ምስቲ ብሪጣንያ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን
ዝተኸተለቶ ሃጸይነት ናጻ ንግዲ ዝመሳሰል
ስርዓት፡ ምስተን ብቑጠባ ዝደኸማ
ሃገራት ስልጡን ኣገባብ ኣህጉራዊ ንግዲ
ክትክተል ድሕሪ ምጅማራ እዩ ጎሊሑ
ዝተራእየ። እዚ ሓድሽ መርሓ ፖሊሲ’ዚ፡
ኣብ 1986 ኣብ ልዝብ ኡራጋይ፡
ዝርርብ ሓፈሻዊ ውዕል ንግድን
ቀረጽን ኣብ ዝተጋብኣሉ፡ ፕረዚደንት
ኣመሪካ ሮናልድ ሬገን፡ ‘ምስተን ናይ
ንግዲ መሻርኽትና፡ ዕዳጋአን ምሉእ
ብምሉእ ክፉት ዝገብራሉ፡ ፍርያት
ኣመሪካ ከም ፍርያተን ክብሪ ዝህባሉ
ሓድሽን ተወሳኺ ናጻ ንግዳዊ ውዕላት
ክንክትም ኣለና’ ብምባል ጻውዒት ኣብ
ዘቕረበሉ እዩ ብንጹር ዝተገልጸ። ዝርርብ
ሓፈሻዊ ውዕል ንግድን ቀረጽን ኣብ
1986 ብልዝብ ኡራጋይ ኣብ ኡራጋይ
ከተማ ፓንታ ዴል ኢስት ተጠኒሱ
ኣብ 1994 ኣብ ሞሮኮ ከተማ ማራኬች
ዝተወልደ ውዕል እዩ። ከም ውጽኢቱ፡
ኣንጻር ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት
ኣዝዩ ኣድልዎ ዝገብር ካብ ስርዓት

ሓፈሻዊ ስምምዕ ንግዲ (ጋት (GAT))
ዝገደደ ሓድሽ ዓለማዊ ንግዳዊ ስርዓት
ማለት ዓለማዊ ውድብ ንግዲ ተወልደ።

ዓለማዊ ውድብ ንግዲ ኣብ ባይታ
ኩለን ኣባል ሃገራት ብሓደ መምርሒ
ዝጻወታሉ ጥጡሕ ባይታ ውድድር
ብምፍጣሩ፡ ኣፍና ከፊትና ኣንጻር
እዚ ውድብ ክንዛረብ ኣይከኣልናን።
ብመሰረት መትከል ‘ውሁድ ዕማም’፡
ኩለን ሃገራት ንኹሉ ስምምዓት ክኽትማ
ኣለወን። ኣብ ስርዓት ጋት፡ ሃገራት
ዝመረጽኦ ውዕል ናይ ምክታም ምርጫ
ኣለወን። ከምኡ’ውን ኣብ ምምዕባል
ዝርከባ ብዙሓት ሃገራት ዘይመረጽኦ
ስምምዕ ናይ ዘይምኽታም መሰል
ኣለወን። ንኣብነት ድጎማ ከይጥቀማ
ዝኽልክል ስምምዕ እንተ ርእይና፡ ኣብ
ስርዓት ጋት ኣብ ምርጫአን ዝምርኮስ
እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ‘ውሁድ ዕማም’
ኩለን ሃገራት ብሓደ መምርሒ ክቕየዳ
ስለ ዘለወን፡ ኩለን ሃገራት ቀረጽ
ከጉድላ ግዱዳት እየን። እዚ ማለት፡ ነቲ
ንድኻታት ሃገራት ጥራይ ዝተፈቕደ
ሕድገት እታው፡ ድጎማ ሰደድ
ከምኡ’ውን ዘቤታዊ ድጎማ እዮም
ብዘሐዝን መንገዲ ክቋረጽ ዝገብሩ
ዘለዉ። ብዓይኒ ሓቂ፡ ብዕምቈት ምስ

እንሪኦ፡ እቲ ባይታ ውድድር ፈጺሙ
ጥጡሕ ዘይምዃኑ ኢና ንዕዘብ።
ዋላ’ኳ መጠን ጽወና ሃብታማት
ሃገራት ትሑት እንተኾነ፡ ኣብ ልዕሊ
እቲ ድኻታት ሃገራት ንሰደድ ዝልእኽኦ
ፍርያት ብፍላይ ፍርያት ኣጭርቕትን

ዓለባን ዘርእይኦ ጽወና ግን መጠኑ
ዝሓለፈ እዩ። እዚ ማለት፡ ድኻታት
ሃገራት ፍርያተን ናብ ዕዳጋ ሓንቲ
ሃብታም ሃገር ኣብ ዝልእኻሉ፡ ምስ
ካልኦት ሃብታማት ሃገራት ብምውድዳር
ዝኸፍለኦ መጠን ቀረጽ ልዑል እዩ።
ጸብጻብ ኦክስፋም፡ ሓፈሻዊ መጠን ቀረጽ
እታው ኣመሪካ 1.6 ሚእታዊት ምዃኑ
የመልክት። ይኹን’ምበር፡ ኣመሪካ
ኣብ ልዕሊ ዝበዝሓ ኣብ ምምዕባል
ዝርከባ ሃገራት እትኽተሎ መጠን
እታው ቀረጽ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ።
ንኣብነት፡ ኣብ ልዕሊ ህንድን ፔሩን ናይ
4 ሚእታዊት፡ ኣብ ልዕሊ ኒካራጓ ናይ
7 ሚእታዊት ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ
ባንግላድሽ፡ ካምቦድያን ኔፓልን ናይ
14-15 ሚእታዊት መጠን እታው
ቀረጽ ትክተል። ከም ሳዕቤኑ፡ ዋላ’ኳ
ቁጠባዊ ዓቕሚ ህንዲ ካብ ናይ ዓባይ
ብሪጣንያ ብሓደ ሲሶ ዝንእስ እንተኾነ፡
ኣብ 2002 ግን ህንዲ ንኣመሪካ ካብ
ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ዝለዓለ መጠን
ቀረጽ ክትከፍል ኢና ንዕዘብ። ካብዚ
ዝኸፍአ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት፡ እታ
ምስ ፈረንሳ ብምውድዳር ናይ 3%
መጠን ቁጠባዊ ዕብየት ጥራይ ዝነበራ
ባንግላድሽ፡ ንኣመሪካ ዝኸፈለቶ መጠን

ቀረጽ ማዕረቲ ፈረንሳ ዝኸፈለቶ እዩ።
ብዘይካ’ዚ፡ ነተን ምዕቡላት ሃገራት
ዘድልዉ፡ ‘ምዕሩይ ባይታ ውድድር’
ከመይ ክመስል ከምዘለዎ ዝውስኑ
ትሕተ-ቅርጻዊ ምኽንያታት’ውን
ኣለዉ። ናይዚ ቀንዲ ኣብነት ቀረጽ

እዩ። ሓደ ካብ ውጽኢት ልዝብ
ኡራጋይ ብዘይካ ድኻታት ሃገራት
ኩለን ሃገራት ርትዓዊ ዝኾነ መጠናዊ
ምጉዳል ቀረጽ ከተኣታትዋ ጀሚረን።
ብኣንጻሩ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ
ሃገራት ኣቐዲመን ልዑል መጠን ቀረጽ
ክኽተላ ብምጽናሐን ጥራይ፡ መጠን
ቀረጽ ብኣዝዩ ልዑል መጠን ከጉድላ
ከም ዘለወን ተገብረ። ንኣብነት ቅድሚ
ስምምዕ ዓለማዊ ውድብ ንግዲ፡ 71%
መጠን ቀረጽ ህንዲ፡ ናብ 32% ከም
ዝጎድል ተገብረ። ማእከላይ መጠን
ቀረጽ ኣመሪካ ካብ 7% ናብ 3% ወረደ።
ብተመጣጣኒ፡ ዋላ’ኳ ናይ ክልቲአን
ሃገራት ተመሳሳሊ ናይ 55% ምጉዳል
እንተርኣየ፡ ኣብ ባይታ ዝርአ ጽልዋ ግና
ዝተፈልየ እዩ። ኣብ ህንዲ፡ ኣቐዲሙ ናብ
ውሽጢ ሃገር ንኽኣቱ 171$ ዝኽፈሎ
ዝነበረ ኣቕሓ ናብ 132$ ብምውራዱ፡
ካብቲ ተጠቃሚ ክኸፍሎ ዝጸንሐ ናይ
23% ልዑል መጠን ምጉዳል ብምርኣዩ፡
ባህርያት ተጠቃሚ ብቕልጡፍ ክልወጥ
ከሎ፡ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ኣመሪካ፡ ተጠቃሚ
ዝኸፍሎ መጠን ዋጋ ብዙሓት
ተጠቀምቲ ፈጺሞም ከስተብህልሉ
ብዘይክእሉ መጠን ፍልልይ ዋጋ ካብ
107 ናብ 103 ማለት ብትሕቲ 4%

እዩ ጎዲሉ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ጽልዋ
ምጉዳል ተመሳሳሊ መጠን ቀረጽ፡ ነታ
ኣቐዲማ ልዑል መጠን ቀረጽ ክትክተል
ዝጸንሐት ሃገር ዘይዳረግ መጠን እዩ
ዝኾና ዘሎ።
ብተወሳኺ፡ ኣብ ‘ምዕሩይ ባይታ
ውድድር’ ንረብሓ ሃብታማት ሃገራት
ዝዛዝዉ ዓውድታትውን ኣሎዉ። ናይዚ
ቀንዲ ኣብነት ኣብ ዝቕጽል ክፋላት
ኣስፊሐ ዝዛረበሉ ጽወና ምስክር ምህዞን
መሰል ኣእምሮኣዊ ንብረትን ዘተባብዕ
ምስ ንግዲ ዝዛመድ ውዕል መሰል
ኣእምሮኣዊ ንብረት እዩ። ኣብ ንግዳዊ
ምንቅስቓስ ኣቚሑን ኣገልግሎትን፡
ነፍሲ ወከፍ ሰብ ገለ ዝሽየጥ ሒዙ
ዝቐርበሉ ዓውዲ እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ
ዓውዲ መሰል ኣእምሮኣዊ ንብረት፡ ዳርጋ
ኩሉ ግዜ ሸየጥቲ ምዕቡላት ሃገራት፡
ዓደግቲ ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ
ሃገራት እየን። ስለዚ’ውን፡ ኣብ መሰል
ኣእምሮኣዊ ንብረት ዝግበር ጽወና ነተን
ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝያዳ
ተሰከምቲ ዕዳ እዩ ዝገብረን። ብተመሳሳሊ፡
ኣባላት ዓለማዊ ውድብ ንግዲ ናይ
ወጻኢ ኣውፈርቲ ናይ ምቁጽጻር
ብቕዓተን ንምቕያድ፡ ‘ምስ ንግዳዊ
ወፍሪ ዝዛመዱ ስጉምትታት’ (ትሪምስ
(TRIMS) ተባሂሉ ዝፍለጥ ስምምዕ
ዘጋጠሞ ዕንቅፋታት ኣብ ዝቕጽል
ክፋላት ክንዛረበሉ ኢና። ሕጂ’ውን
እንተኾነ፡ ዝበዝሓ ድኻታት ሃገራት
ተቐበልቲ ናይ ወጻኢ ወፍሪ እምበር
ኣውፈርቲ ኣይኮናን። ስለዚ’ውን፡ ኣብ
ልዕሊ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት ዘለወን
ናይ ምቁጽጻር ዓቕሚ ትሑት እዩ።
ብዘይካ’ዚ ናይተን ኣብ ወጻኢ ዝነጥፋ
ሃገራውያን ኩባንያታተን ዝኾነ
ካሕሳ ምጉዳል ቍጽጽር ኣይረኽባን
እየን። ብዓይኒ ሓቂ፡ ኣብ ወፍሪ ዝነጥፋ
ኩባንያታትውን የብለንን።
ሃብታማት ሃገራት ኣብቶም ረብሓ
ምዕቡላት ሃገራት ዘረጋግጹ ዓውድታት
ፍልይ ዝበለ ኣካይዳ ክኽተላ ኢና
እንዕዘብ። ንኣብነት ዝበዝሕ ዘቤታዊ
ድጎማ ተኸልኪሉ ክነሱ፡ ሕርሻዊ
ድጎማ ካብ ንግዳዊ ምርምርን
ምዕባለን ከምኡ’ውን ምጉዳል ዞባዊ
ዘይምዕሩይነት ንላዕሊ መሰረታዊ

እዩ ተባሂሉ ስለ ዝተኣምነሉ ከም
ዝፍቀድ ተገይሩ። እዞም ዝተፈቕዱ
ድጎማታት እቶም ሃብታማት ሃገራት
ብስፍሓት ዘዘውትርኦም ድጎማታት
እዮም። ኣመሪካ ን250,000 ሓረስቶት
እትድጉሞ ናይ 4 ቢልዮን ዶላር
ድጎማ ፉል ከምኡ’ውን ፊንላንድ ሽኮር
ካብ ቀይሕ ብንጅር ከተፍሪ ዝፈቅድ
ድጎማ ኣውሮጳዊ ሕብረት ገለ ካብቲ
ሃብታማት ሃገራት ዓመታዊ ናይ ኣስታት
$100 ቢልዮን ዝዕድልኦ ሕርሻዊ ድጎማ
እዩ። ኩለን መንግስታት ሃብታማት
ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ መንግስቲ ኣመሪካ
ኣብ ምርምርን ምዕባለን ልዑል ድጎማ
ስለ ዝገብራ፡ ተዛመድቲ ኢንዱስትሪታት
ናይ ምውድዳር ብቕዓቶም ክዓቢ
ክኢሉ እዩ። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ
ሃገራት ከምዚ ዝኣመሰለ ድጎማ ክጥቀማ
ኣይክእላን እየን። ዋላ’ውን እንተ
ዝፍቀደለን እውን መሰረታዊ ልምዓታዊ
ምርምር ናይ ምክያድ ዓቕመን ድሩት
ብምዃኑ፡ ክድጉምኦ ዝኽእላ ውሑድ
እዩ። ኣውሮጳዊ ሕብረት ብስፍሓት
ዝተጠቕመሉ ዞባዊ ድጎማ፡ ረብሓ
ሃብታማት ሃገራት ዘረጋግጽ ካልእ
ግሁድ ኣድልዎ እዩ። ምስትኽኻል
ዞባዊ ዘይምዕሩይነት ብዝብል ምኽንያት፡
ኢንዱስትሪታት ብምድጓም ኣብቶም
ዝተወጽዑ ክፍልታት ክድኰኑ ደሪኾም
እዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ እዚ ድጎማ’ዚ
ዞባዊ ዘይምዕሩይነት ኣብ ምጉዳል ወሳኒ
ተራ ኣለዎ። ይኹን’ምበር፡ ብደረጃ
ኣህጉር ምስ እንርእዮ፡ ኣብ መንጎ’ዚ
ድጎማን ዝተወሰኑ ኢንዱስትሪታት
ንምዕባይ ዝወሃብ ድጎማን ዝተወሰነ
ፍልልይ ኣሎ።
ሃብታማት ሃገራት፡ ኣንጻር እዚ
‘ምዕሩይ ባይታ ውድድር’ ንዝቐርበለን
ክሲ፡ ነተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ
ሃገራት ኣብ ፍልልይ ዝተመርኮሰ
ፍሉይ ኣተሓሕዛ ይገብራ ምህላወን
እየን ዝማጎታ። ይኹን’ምበር፡ ምስቲ
ኣብ ስርዓት ጋት ዝነበረ ኣተሓሕዛ
ብምውድዳር፡ ሎሚ ፍሉይን ኣብ
ፍልልይ ዝተመርኮሰ ኣተሓሕዛ ኣሎ
ዝብሃል ስማዊ እዩ። ነተን ኣብ ምምዕባል
ዝርከባ ሃገራት ብፍላይ ድማ ነተን
ብኣጸዋውዓ ዓለማዊ ውድብ ንግዲ
‘ምዕባለ ዘይብለን’ ተባሂለን ዝጽውዓ
ድኻታት ሃገራት፡ ፍሉይ ኣተሓሕዛ
ይግበረለን እዩ። እዚ ፍሉይ ኣተሓሕዛ
ኣብ ክንዲ ቀዋሚ ዘይምዕሩይ ውጥን
ዝኸውን፡ ድኻታት ሃገራት ነቲ ሃብታማት
ሃገራት ዝበጽሕኦ ናይ መወዳእታ ዕላማ
ክበጽሓ ካብ 5-10 ዓመታት ዝበጽሕ
‘ናይ መሰጋገሪ ወቕቲ’ ዝህብ እዩ።
ስለዚ’ውን ብስም ‘ምዕሩይ
ባይታ ውድድር’፡ ሃብታማት ሃገራት
ንረብሓአን ዝዓለመ ሓድሽ ዓለማዊ
ስርዓት ንግዲ እየን ፈጢረን። ነቲ ንሰን
ትማሊ ናይ ገዛእ ርእሰን ቁጠባዊ ዕብየት
ንምድራኽ ብኣድማዕነት ዝተጠቕማሉ
ስርዓተ ቀረጽ፡ ድጎማ፡ ቍጽጽር ናይ
ወጻኢ ወፍርን ‘ምጥሓስ መሰል
ኣእምሮኣዊ ንብረት ወጻእተኛታትን’
ዝኣመሰሉ ድኻታት ሃገራት ከይጥቀማ
እየን ዝኽልክላ ዘለዋ።

ይቕጽል

ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ስነዳን

(9ይ ክፋል)

ሓዳስ ኤርትራ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 6

ዛንታ እታ ወረቐት ሻዱሻይ ክፋል

“ሕጂ ዘብኪ የብልካን። ትሓተካ ዘላ መልሰላ።
ስለምንታይ ከምኡ ገይርካ?” መምህር ዳዊት
ገጹ ኣሲሩ ሓተተኒ።
“ተጋግየ፡” ኣጽፋረይ እናደረዝኩ ደኒነ
መለስኩሉ።
“ከመይ ተጋጊኻ!? ፈተና ኢኻ’ኮ ንሰብ
ከተቕድሕ ሓሲብካ። ናብ መን ኢኻ’ኸ
ደርቢኻያ?” መምህር ዳዊት ሕቶኡ ቀጸለ።
ስም ወዲ ክፍለይ ምጽዋዕ ከበደኒ። ፈሪሀ
ስቕ በልኩ።
“ምሳኻ ኢና ንዛረብ ዘለና። እታ ወረቐት
ናብ መን ኢኻ ደርቢኻያ?” መምህር ዳዊት
ብሕርቃን ድምጹ ክብ ኣቢሉ ሓተተኒ።
ብዘረብኡ ሰንበድኩ። ብስንባደ ዝኣክል
ካብ ኮፍ ኢለዮ ዝነበርኩ ሓፍ ክብል ቊሩብ
ተረፈኒ።
“ና...ብ ና...ሆ...ም፡” ብፍርሂ ነዘን ቃላት
መጢጠ ተዛረብኩወን።
“ናሆም! ..ኪድ ንናሆም ጸውዓዮ፡” መምህር
ዳዊት ሕርቃኑ ኣብ ገጹ ይፍለጥ ነበረ።
“ሕራይ፡” ብስንባደ ካብ ኮፍ ዝበልኩዎ
ተንሲአ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ርእሰ መምህር
ወጻእኩ። ቀስ ኢለ እናሓሰብኩ ናብ ክፍልና
ኣምራሕኩ።
ናይ ቊጽሪ መምህርና ኣብ ክፍሊ ክትምህር
ጸንሓትኒ።
ኣብ ኣፍደገ ኮይነ፡ “መምህር፡” ዓው ኢለ

ተደሃኹዋ።
“እቶ ኣቤል፡” ናይ ቊጽሪ መምህር ናባይ
ቊሊሕ ኢላ ንኽኣቱ ኣፍቀደትለይ።
“መምህር ዳዊት ንናሆም ጸውዓዮ ኢሉኒ፡”
እናተሰከፍኩ መልእኽተይ ነገርኩዋ።
“ናሆም ኣበይ ኣለኻ?” ናይ ቊጽሪ
መምህርና ናብ ደቂ ክፍለይ ጠመተት።
“ኣብዚ ኣለኹ መምህር፡” ናሆም ኢዱ ዊጥ
ኣቢሉ ካብ ኮፍ ዝበሎ ሓፍ በለ።
“መምህር ዳዊት ይጽውዓካ ኣሎ ኪዶ፡”
ናይ ቊጽሪ መምህርና ናባይ እናጠመተት
ተዛረበት።
ናሆም ካብ ሰፈሩ ወጺኡ ናባይ መጸ። ካብ
ኣፍደገ ክፍልና ገለ ኣርባዕተ ሜትሮ ምስ

ረሓቕና፡
“ስማዕስ’ከ ነታ ወረቐት
‘ናብ ናሆም ደርብየያ’
ዲኻ ኢልካዮም?” ናሆም
ገጹ ኣሲሩ ሓተተኒ።
ኣዝዩ ዝሓረቐ ይመስል።
“እንታይ ደኣ ክብል?”
ደው በልኩ። ቀጺለ፡
“ናብ መን ደኣ ደርብየያ
ክብል ደሊኻኒ? ናባኻ
እኳ’የ ደርብየያ፡
” ኣነ’ውን ሓሪቐ
መለስኩሉ።
“ክላ ንስኻ ስቕ ኢልካ ኢኻ፡” ገዲፉኑ
ተበገሰ።
“ንስኻ እምበር ስቕ ኢልካ! ብሰንክኻ እኳ’የ
እዚ ኩሉ ሽግር ረኺበ ዘለኹ። መሊስካ ድማ
ትዛረብ። ኣይትሓፍርን ዲኻ?” ደድሕሪኡ
ሰዓብኩ።
“ደሓን! ንኺድ ጥራይ እንታይ ከምዝብሎም
ክትሰምዕ ኢኻ?” ኣብ ጥቓ ቤት ጽሕፈት
ርእሰ መምህር በጻሕና።
“ድላይካ በል፡” ኣብ ጥቓ ቤት ጽሕፈት
ስለዝበጻሕና ቀስ ኢለ ተዛረብኩ። ብዘረብኡ
ኣዝየ ሓሪቐ ነበርኩ።
ሕርቃነይ ሓቢአ መሪሐዮ ናብ ቤት ጽሕፈት

ርእሰ መምህር ኣተኹ።
“ሕራይ ክልቴኹም ኮፍ በሉ፡” መምህር
ዳዊት ናብ ቤት ጽሕፈት ምስ ኣተና፡ ንኽልቴና
ኣበራርዩ ጠመተና።
ክልቴና ኮፍ በልና።
መምህር ዳዊት፡ “ሕራይ ንስኻ ኣቤል ኢኻ
ስምካ ሓቀይ?” ናባይ ብኢዱ እናመልከተ
ሓተተኒ።
“እወ፡” መለስኩ ብፍርሂ ዓይኒ ዓይኑ
እናጠመትኩ።
“ንስኻ’ኸ?” መምህር ዳዊት ናብ ናሆም ገጹ
ኣዞረ።
“ናሆም፡” ብፍርሂ ገጹ ኣሲሩ መለሰ ናሆም።
“ሕራይ ኣቤል ስለምንታይ ነዛ መልሲ
ናይ ፈተና ዝሓዘት ወረቐት ናብ ናሆም
ደርቢኻያ?”መምህር ሚርያም ናባይ ገጻ
ጠሚታ ሓተተት።
“ናሆም ሓግዘኒ ኢሉኒ፡” መለስኩ ብፍርሂ።
“ሓግዘኒ ኢሉካ!” መምህር ዳዊት ብሕርቃን
ክምስ በለ። ቀጺሉ፡ “ንስኻ’ኸ ስለምንታይ
ሓግዘኒ ኢልካዮ?” ንናሆም ጠመቶ።
“ኣነ ናይ ብሓቂ ከምኡ ኣይበልኩዎን።
ንጻወት ነይርና፡ ፈተና እንተበርቲዑኒ
ከተቕድሓኒ ኢኻ ኢለዮ። ንሱ ድማ ሓቂ
መሲልዎ እምበር ፈተና ቀሊል እዩ ነይሩ፡”
ናሆም ንመምህር ዳዊት እናጠመተ ተዛረበ።
ብመልሲ ናሆም ብሕርቃን ክትኮስ ደለኹ።
ይቕጽል

ጋሻ ተርሙማ

....ከም ሳዕቤኑ መጻኢኦም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ
ክኣቱ ይኽእል። ብኻልእ ወገን ሙዚቃን ፊልምን
ንምስማዕን ምርኣይን ክልቲኡ ኣእዛኖም ሰዅዖም
ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ እዋን ምስ ኣብ ከባቢኦም
ዘለዎም ምስትብሃል ስለ ዝጐድል ንሓደጋ ከቃልዖም
ይኽእል። ብዘይ ፍቓድ ሰባት ዝለዓል ስእልን
ድምጽን ድማ መሳርሒ ገበን ክኸውን ይኽእል።
ብብዝሒ ሞባይል ምጥቃም ናብ ወልፊ ስለ
ዘምርሕ ናይ ትምህርትን ኣፍራይነትን ዕድሚኦም
ብምሽማው፣ ማሕበራዊ ህይወቶም ክመርሕሉ ኣብ
ዘይክእልሉ ደረጃ የብጽሖም። ነብሶም ዘይክእሉን
ተጸበይትን ክኾኑ ድማ ይቕስቦም። ከም ሳዕቤኑ ድማ
ናብ ሕማም ጸቕጥን ቅዛነትን የምርሑ። ኣብዚ እዋን
ረዲኤት ምስ ዘይረኽቡ ብምሒር ተስፋ ምቁራጽ
ኣብ ልዕሊ ህይወቶም ክፍጸም ዘይግብኦ ኣጒሃዪ
ተግባር ክፍጽሙ ይኽእሉ።
ብተወሳኺ፡ ናይ ጸወታ፡ ምንቅስቓስ፡ ምምሃር
ግዚኦም ስለዝሻመዎ፣ ብኡ መንጽር ድማ ንምኽራሽ፡
ዓጸቦ፡ ናይ ምብህሃል ጸገም፡ ስምዒታትካ ዘይምቁጽጻር
ብምምራሕ ንሓደጋ ቅሉዓት ይገብሮም። ብቐጥታዊ
ጽልዋታት ከም ቃንዛ ርእሲ፡ ስእነት ድቃስ፡ ድኻም፡
ጉድለት ኣድህቦ ከስዕበሎም ይኽእል። ኣብ
ዝተናውሐ ድማ ብሰንኪ እቲ ጸርጊ ንመንሽሮ ዓይኒ፡
እዝኒ፡ ደምን ካልእን ይቃልዑ።
* ብወልፊ ሞባይላት ዝተጠቕዑ ተመሃሮ
ብኸመይ ክላቐቑ ይኽእሉ?
ኣብ ደረጃ ወልፊ እንተበጺሑ ሕማም’ዩ።

ምኽንያቱ፡ ዝኾነ ዓይነት ወልፊ ንቕርጽን
ዕማማትን ሓንጐል ስለ ዝልውጥ ሕማም ሓንጐል
ተባሂሉ ይግለጽ እዩ። ስለዚ ግቡእ ፍወሳ ንምርካብ
ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ ክረኽቡ ይግባእ።
*ካብ ብመጽሓፍ ምንባብን ኣብ ሞባይል ምንባብን
ኣየናይ ይሓይሽ? ስለምንታይ?
ኣብ ተንቃሳቓሲት ተለፎን ከተንብብ ምፍታን
እቲ እተውጽኦ ጸዓት ብርሃንን ጸርግን ንጥዕናዊ
ሓደጋ ስለ ዘቃልዕ ብቐጥታ ድማ ናይ ምፍዛዝ
ስምዒታት ስለ እትፈጥር፡ ብኡ መንጽር ነዊሕ
ሰዓታት ክትጥቀመላ ምስእትፍትን፣ ቃንዛ ርእሲ፡
ድኻም ስለ ዝገብረልካ፣ ከም ብወረቐት ምንባብ
ምቹእነት የብላን፣ ስለዚ፡ ተመራጺት ኣይኮነትን።
*ናይ ካልኦት ሃገራት ኣብ ተመሃሮ ኣጠቓቕማ
ሞባይል ከመይ ይመስል?
እተን ልዑል ደረጃ ዓቕሚ ኢንተርነት ዘለወን
ሃገራት፣ ንኣብነት ደቡብ ኮርያ፡ ብሰሪ ደረት
ኣልቦ ኣጠቓቕማ ተክኖሎጂካዊ መሳርሒታት፣
ቈልዑ መሳርሒን ግዳያትን ዝተፈላለየ መጥቃዕቲ
ኮይኖም ኣብ ስግኣት ሃገራዊ ድሕነት ኣለዋ፡ ንዕኡ
ንምቍጽጻር ዘርእያኦ ዘለዋ ሸበድበድ ድማ መዛረቢ
ኮይኑ ይርከብ። ገለ ሃገራት’ውን ንቘልዑ ብውሱን
ሰዓታት ናይ ምጥቃም ፈተነታት ኣብ ምክያድ
ይርከባ።
*ወለዲ ንደቆም ካብ ሞባይል ብኸመይ

ክኣልይዎም ይኽእሉ?
ምናልባት ምዕባለ ይቕድመና ስለ ዘሎ፡ ብታህዋኽን
ካብ መን ሓሚቐ ብዝብል ህንጡይነትን ንቘልዑ ኣብ
ንኡስ ዕድሚኦም ንጸርግን ጽግዕተኛነትን ነቃልዖም
ከይንህሉ፡ ንነዊሕ እናማዕደና ክንከይድ ዝድርኽ
እዋን ምዃኑ ምስትብሃል ኣገዳሲ’ዩ። መጀመርያ
ንዓና ኣብዚ ሰዓት መሰረታዊ ስለ ዘይኮነ፡ ውላደይ
ተንቃሳቐሲ ተለፎን ዘይብሎም ወይ ዘይተጠቕሙላ
ብምባል ዘሻቕል ኣይመስለንን። ስለዚ፡ ክለምድዋ
ዘይምትብባዕ ይምረጽ። ‘ኣይፋለይ’ ንዝበለ ድማ
ገለ ሓጋዚ ሓበሬታ ክጠቅስ። ኣብ ቅድሚ ውላድካ
ክትጥቀመላ ዘይምፍታን ወይ ተጠቃምነት
ምድራት። ኣብ ቤትና ካብ ተለፎን ብምዕጻው ናይ
ተጠቃምነት ናጻ ሰዓታት ምምዳብ። ንኣብነት፡ ካብ
ሰዓት 8፡00 ድ.ቀ ክሳብ 8፡00 ድ.ቀ ኣይፍቀድን
ምባል። ን24 ሰዓታት ዘይምጥቃም። ብፍላይ ኣብ
ቀዳመ ሰንበት ካብ ተጠቃምነት ምቝጣብ። ኣብ
ዝከኣለሉ እዋን ካብ መደቀሲ ቦታ ምርሓቕ፡ ኣብ
እዋን ሰዓታት መግቢ ሞባይል ዘይምጥቃም። ቈልዑ
ምስ ከባቢኦምን ሕብረተሰቦምን ዝጽንበርሉ እኹል
ናይ ጸወታ ግዜ ክረኽቡ ዕድል ምፍጣር። ከም
መቕጽዕን መቀባጠርን ዘይምጥቃም። ቈልዑ ኣብ
ገዛ ካልእ ንጥፈታት ንኽዓሙን ክዋስኡን ዕድል
ምፍጣር። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኩሉ ረብሓን ጉድኣትን
እዛ መሳርሒ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ባህሪ
ኣጠቓቕማና ብምምሕያሽ፡ ንደቅና ኣርኣያ ብምዃን
ባህሪ ውላድና ንጽሎ። ዋላ ኣገዳስነታ ዕዙዝ ኣብ
ዝኾነሉ እዋን እውን፡ ዕቱብ ምቁጽጻር ክንገብረሎም
ይግባእ።
*ተመሃሮ ብሰንኪ ሞባይል ካብ ጸወታ ርሒቖም
ኣለዉ። ጸወታ ንተመሃሮ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
ጸወታ ንቘልዑ ንኹለንትናዊ ምዕባለኦም ማለት
ኣካላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ተገንዝቦኣዊ፡ ኣእምሮኣዊ
ምዕባለ ወሳኒ ስለ ዝኾነ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ
ጸወታ ምስ መዛኑኦም ዝጻወቱሉ ባይታ ምጥጣሕ፣
ንመጻኢ ህይወቶምን ጥዕናኦምን ወሳኒ’ዩ። ኣብዚ
ግዜ’ዚ ብተንቀሳቐስቲ ተለፎናት ጥራይ ክዘናግዑን

ክጻወቱን ዝተፈርዱ ቈልዑ ባህሎምን ልምዶምን
ዘይፈልጡ፣ ገዛእ ርእሶም ዘይመልኩን ስምዒቶም
ዘይቆጻጸሩን እናኾኑ ይመጽኡ ኣለዉ። ከም
ሳዕቤኑ ድማ ንወልፊ፡ ዘይምእዙዝነት፡ ትህኪት፡
ቅዛነት፡ ሻቕሎት፡ ክረሻን ካልእን ይቃልዑ ኣለዉ።
እተን ማዕቢለን ዝበሃላ ሃገራት ባህለን ልምደን
ኣጥፊአን ኣብ ሸቐልቀል ኣትየን ኣለዋ። ኣካይዳና
እንተዘይኣጸቢቕና ንሕና’ውን ጽባሕ ከምኣተን
ከይንሳቐ ብኣግኡ ክንነቕሓሉ ይግባእ።
* ተመሃሮ ከመይ ዓይነት ጸወታ ክጻወቱ ይሓይሽ?
ቈልዑ፡ ሓደ ዓይነትን ኮፍ ኢልካ ጥራይ ዝጽወት
ጸወታ፡ ንኣተሓሳስበኦም ከጽብብን ኣካላቶም ከማስንን
ስለ ዝኽእል፡ ኩለንትናዊ ምዕባልኦም ዘውሕስ ምስ
ከባቢኦም፡ ባህሎምን ልምዶምን ዝጽንብርን ዘላልን
ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለኦም ዝሕግዝ
ዝተፈላለየ ዓይነት ጸወታታት እንተተጻወቱ ይምረጽ።
* ንኣብያተ ትምህርቲ እንታይ መልእኽቲ
ተመሓላልፍ?
ስርዓተ ትምህርትና ነዛ መሳርሒት ዘገድድ ኩነታት
ክሳብ ዘይተፈጥረ፡ ንተጠቃምነት ተንቃሳቓሲት
ተለፎን ኣብ ግምት ዘእተወ መበል 31 ወርቃዊ ሕጊ
ተመሃራይ ብምንዳፍ ውሕስነት ተመሃሮ፡ መምህርን
ቤት ትምህርትን ዘረጋግጽ ስጒምቲ እንተዝወስዳ
እብል።
* ሞባይል ንሃገራት ስግኣት ኮይኑ ኣሎ ይበሃል
እዩ። ብኸመይ?
ብፍላይ ነተን ኣዝየን ዝማዕበላ ሃገራት፡ ምስጢራዊ
ኮዳት ሰይርካ ብምእታው፡ ንስርቂ፡ ዘረፋ፡ ብሰዓት
ዝትኮስ ነታጒ ንምፍንጃርን ካልእ ገበናዊ ስርሓት
ብዝጥቀሙ ዘረፍቲ፡ ንጸጥታኣን ኣብ ሓደጋ የውድቖ
ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብ ሻቕሎት ይርከባ። ስለዚ፡
ተክኖሎጂካዊ መሳርሒ ምጥቃም ኣብ እንመርጸሉ
ኩሉ እንተታት ኣብ ግምት ብምእታው ንርትዓዊ
ኣጠቓቕማ ሓላፍነታውያን ክንከውን ይግባእ።

ኣቶ ያቆብ ሃይለ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሞባይል ንዝሃበና
ሓበሬታ እናኣመስገንና፡ ተመሃሮ ነዚ ዝተዋህበኩም
ሓበሬታ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ኣጠቓቕማ
ሞባይልን ካልእ ውጽኢት ተክኖሎጂን ጥንቁቓትን
ትኵራትን ክትኮኑ ንላቦ። ንሎሚ ድማ ካልኣይን
መወዳእታን ክፋል ይቕጽል። ሰናይ ንባብ!!

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2024!
ንኹልኹም ተመሃሮ!!

ሞባይል...መንሽሮ ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ደምን....



ሓዳስ ኤርትራ

ሓበን ተስፋሚካኤል

መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 7

ዓይነት ሞባይል ዝዕድጉ ዓማዊላቱ፡ ኣብ

ዓርሞሸሽ ኩባንያ ኣፕል፡ ነቲ ንሱ ዘፍርዮ ዓማዊል ባዕሎም ሞባይሎም ከዐርዩ ዕድል ዝፈጥር ኣገባብ
ገዛኦም ኰይኖም ንዘድልዮም ክፋል
ተሌፎኖም ከዐርዩሉ ዘኽእል ኣገባብ
ኣዳልዩሎም ምህላዉ፡ ምስ ምውዳእ ዓመተ
2023 ኣተሓሒዙ ንዓማዊሉ ኣበሲሩ።
እቲ ኩባንያ፡ ኣብ 2022፡ ኣብ ሕቡራት
መንግስታት ኣመሪካ ንዝርከቡ ዓማዊላቱ፡
ባዕሎም ሞባይሎም ክጽግኑሉ ዘኽኣሎም
መንገዲ ፈጢሩሎም ከም ዝጸንሐ እዩ
ዝገልጽ። ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ድማ፡ ንሃገራት
ዓባይ ብሪጣንያን ካልኦት ሸውዓተ ናይ
ኤውሮጳ ሃገራትን፡ እዚ ቀረብ’ዚ ኣዳልዩለን

ኣሎ። እቲ ኩባንያ፡ ንሞባይልካ ከተዐርየሉ
ዝሕግዝ መሳርሕን ብኸመይ ሞባይልካ
ከተዐሪ ትኽእል ዘረድእ ተንቀሳቓሲ
ስእልን’ዩ፡ ናብ እትርከበሉ ቦታ ዝልእከልካ።
በቲ ዝልኣኸልካ መሳርሕን ቪድዮን
ተሓጊዝካ ድማ ንሞባይልካ ከተዐሪ
ትኽእል።
እዚ ኣገባብ ምዕራይ ሞባይል፡ ካብ
ብዙሓት ወገናት ዛጊት ዘዕግብ መልሰ-
ግብሪ ኣይተረኽበሉን ዘሎ። ዝተፈላለዩ
ዓማዊላት ከም ዝሓበርዎ፡ በቲ ካብ ኩባንያ

ኣፕል ዝረኸብዎ መሳርሕን ናይ ቪድዮ
ትምህርታትን ተሓጊዞም ሞባይሎም ከዐርዩ
ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን፡ ዝገደደ ጸገም ከም
ዘጋጠሞም እዮም ዘረድኡ ዘለዉ። እዚ
ድማ፡ እቲ መሳርሕን ቪድዮን ንብዙሓት
ክርድኦም ዘይክእል ቴክኒካዊ ቃላትን
ኣገባብን ዝመልአ ብምዃኑ እዩ።
ኣብ መወዳእታ፡ ንኹሉ ሰብ ብዝቐለለን
ክትርድኦ ብዘየጸግምን፡ ዝሓሸ መንገዲ
ክዳሎ ከም ዘለዎ፡ ርእይቶታት ተጠቀምቲ
ሞባይል ኣፕል የነጽሩ ኣለዉ።

ተመራመርቲ፡ ከም ኣታኽልቲ ዝዓብዩ ሮበት ይምህዙ!
ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሚነሶታ
- ኣመሪካ፡ ፈኲስ ሚዛን ዝውንኑን
እናተንቀሳቐሱ እንከለዉ ዝዓብዩን
ሮበት ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ። እቶም
ተማሂዞም ዘለዉ ፈኰስቲ ሮበት፡ ኣብ
ትሕቲ ምድሪ ክንቀሳቐሱ እንከለዉ
ብዝረኽቦም ጸቕጢ ናይ ዋዒ ተሓጊዞም

ዓቐኖም ይለዋወጥን ይንቀሳቐሱን።
ከም’ቲ ኣታኽልቲ ብማይ ተዀስኲሶም
ዝዓብዩ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ መሬት
ዝፍጠር ዋዒ ድማ፡ ኣብ ምውሳኽ
ዕብየት ናይ’ቶም ሮበት ዓቢ ግደ ኣለዎ።
ብዘይካ’ዚ፡ እቶም ተማሂዞም ዘለዉ
ሮበት ናብ’ቲ ዓበይቲ ማሽናት ክኣትዋኦ

ዘይክእላ ጸበብቲ መተሓላለፊ ህንጻ፡
እናተደፍኡን ስፍሓቶም እናወሰኹን
ብምእታው፡ ተፍትሽ ከካይዱ ከም
ዝኽእሉ መሃዝቶም የረድኡ።
ኣብ ቅዲ ኣመሃህዛን ኣመዓባብላን
ሮበት፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ብዝበለጸ
መልክዑ እናተፈልየ ይቐርብ ኣሎ።
እዚ ከኣ ተመራመርቲ ነንሓድሕዶም
ክወዳደሩሉ ዘኽእል ኰይኑ ስለዘሎ፡
ንኹሎም ነዚ ምህዞ ዝድግፉ ሰባት፡ እቲ
ቀንዲ ካብ ዘሀንጥዮም ምዕባለ ቴክኖሎጂ
ኰይንዎም ምህላዉ ይእመን።
ብተወሳኺ ምስ ምዕባለ ሮበት፡ ምህዞ
ኣርተፊሻላዊ ብልሒ እውን እናተጋነነ
ይመጽእ ብምህላዉ፡ እቲ እወታውን
ኣሉታውን ሳዕቤን ናይ’ቶም ምህዞታት
ክውስኽ ከም ዝዀነ ንርዳእ።

ረኽሲ ኣፍ፡ ጸገም ልቢ ከኸትል ከምዝኽእል ተገሊጹ
ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ዝስዕቡ
ረኽሲ ናይ ኣፍ፡ ሕማቕ ጨናን ሕማም
ግርጻንን፡ ጸገማት ልቢ ከኸትሉ ከም ዝኽእሉ፡
ተመራመርቲ ናይ’ቲ ዓውዲ ይገልጹ።
ንሳቶም፡ ጠንቂ ጸገም ልቢ ብደረጃኡን
መበገሲኡን ይፈላለ ምዃኑ ብምንጻር፡ እቲ
ናይ ኣፍ ባክተርያ ድማ ሓደ ካብ’ቶም
ጠንቅታት ክኸውን ከም ዝኽእል’ዮም ኣብ
መጽናዕቶም ረኺቦምዎ ዘለዉ።
እቶም ተመራመርቲ ኣብ መጽናዕታዊ
ምርምሮም፡ ኣስታት 3 ሽሕ ጸገም ናይ
ልቢ ዝነበሮም ሰባት ብምስታፍ’ዮም
ኣካይዶምዎ። ነቶም ተሳተፍቲ፡ ናይ ደምን
ካልእ ንመጽናዕቶም ዝሕግዝ ሕክምናዊ
መርመራን ገይሮምሎም። እቲ ውጽኢት፡
ካብ’ቶም ተሳተፍቲ፡ እቶም ዝበዝሑ ናይ

ኣፍን ግርጻንን ረኽሲ ዝነበሮም ኰይኖም’ዮም
ተረኺቦም። እቶም ተመራመርቲ፡ እቶም
ረኽሲ ናይ ኣፍን ግርጻንን ዝጸንሖም ሰባት፡
ካልእ ጠንቂ ሕማም ልቢ ክኸውን ዝኽእል
ጸገም ከም ዘይነበሮም ከኣ ገሊጾም። ካብ’ዚ
ተበጊሶም’ዮም ድማ፡ ‘ናይ ኣፍ ባክተርያ

ጸገማት ልቢ ኣብ ምስዓብ ልዑል ተኽእሎ
ኣለዎ’ ክብሉ ክኢሎም።
ኣብ መጻኢ ዓሚቝ ምርምር ከካይዱሉ
ምዃኖም ድሕሪ ምግላጽ፡ ጸገማት ልቢ
ንምክልኻል ግና ጥዕና ኣፍና ክንሕሉን
ክንከታተልን ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ማርስ ክቕመጡ መደብ ዝሕንጽጹ

ዘለዉ ጠፈርተኛታት
ተመራመርቲ መደበር ጠፈር ናሳ -
ኣመሪካ፡ ጠፈርተኛታት ምርምራቶም
ንምክያድ ናብ ፕላኔት ማርስ ብምኻድ፡

ንኣስታት 3 ዓመት ኣብኡ ክቕመጡ
መደብ ኣውጺኦም ምህላዎም ሓቢሮም።
እቶም ተመራመርቲ፡ ካብ 2030
ጀሚሮም ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ዝሓስቡ
ዘለዉ መደብ ንምፍጻም፡ ብዙሕ ብድሆታት
ክጽበዮም ምዃኑ’ዮም ኣብ መጽናዕቶም
ዝገልጹ ዘለዉ። ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ገለ ካብ’ቲ
ከጋጥሞም ዝኽእል ብድሆታት ክገልጹ
እንከለዉ፡ ናይ ኣእምሮ ጸቕጥን ብሰንኪ
ካብ ስድራቤቶም ምፍልላዮም ዝስዕብ
ጸገምን ምዃኑ የረድኡ። ካብ ፕላኔት ማርስ
ናብ’ዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ብዝዀነ መገዲ
ክራኸቡ ዘይክእሉ ብምዃኖም ድማ፡ ካብ
ሕጂ ጀሚሩ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ዝሕግዝ፡

ዓበይቲ ቴክኖሎጂታት ክመሃዙ ከም
ዘለዎም ንክኢላታት ኣተሓሳሲቦም።
ኣብ ጠፈር ንነዊሕ ዓመታት ምቕማጥ፡

ጥዕናዊ ጸገም ከስዕብ ዝኽእል ምዃኑ’ውን፡
ኣብ መጽናዕቶም ኣይሓብኡን። ብዘይካ’ቲ
ቅድሚ ናብ ጠፈር ምኻዶም ዘካይድዎ
ሓፈሻዊ ክንክን ጥዕና፡ ኣብ ፕላኔት ማርስ
ኰይኖም’ውን፡ ጥዕናኦም ክከታተሉ
ዝሕግዞም ባይታ ንክህሉ ኣቐዲሞም
ዝጽዕሩሉ ጉዳይ ከም ዝዀነ፡ እቶም
ተመራመርቲ ኣነጺሮም።
ክሳብ 2030 ዘሎ ዓመታት፡ ተመራመርቲ
መደበር ጠፈር ናሳ ምስ ካልኦት ዓበይቲ
ክኢላታት ቴክኖሎጂ ዓለምና ሽርክነት
ብምፍጣር፡ ንኣስታት 3 ዓመት ኣብ ማርስ
ክቕመጡ ዝሕግዞም ጠለባት ንምምላእ
ክሰርሑ ተበጊሶም ከም ዘለዉ የነጽሩ።

ሰባት ንዘልኣለም ክነብሩ ዘኽእል ቴክኖሎጂ. . . ?
ኣብ ዓለም ዝነብሩ ዘለዉ ፍጥረታት ጥራይ
ዘይኰኑ፡ ንገዛእ ርእሳ እዛ እንነብረላ ዘለና
ምድሪ ሓላፊት ምዃና ኩልና ዘይንስሕቶ
ሓቂ እዩ። ምሕንባብን ምምዕባልን ቴክኖሎጂ
ግን፡ ነዚ ዘይልወጥ ሓቂ ክፈታተኖን
ክቕይሮን’ዩ ዝጽዕር ዘሎ። ሰራሕተኛ ኩባንያ
ጉግል ዝነበረ መሃንድስ ረይ ኩርዝዊል፡
ብዘፍርዮ ዘሎ ደቀቕቲ ሮበት፡ ሰባት
ንዘልኣለም ከም ዝነብሩ ዝገብር ቴክኖሎጂ
የዳሉ/ይፈታትን ምህላዉ እዩ ዝሕብር ዘሎ።
እዚ መሃንድስ’ዚ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡
ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ክስተታት
ኣቐዲሙ’ዩ ክንበይ ጸኒሑ። ካብ’ቶም 146
ከጋጥሙ’ዮም ዝበሎም ትንቢታት ከኣ፡
86 ሚእታዊት ስለ ዝተፈጸሙ፡ ብዙሓት
ተመራመርቲ ንኽእለቱ ይምስክሩሉ
እዮም። እዚ ሕጂ ኣምጺእዎ ዘሎ ሓሳብ

ኦሎምፒክ 2024 ብበረርቲ ታክሲ ክምዕርግ እዩ!

ድማ፡ ኣብ ዝመጽእ 8 ዓመት ‘ሰብ መዋቲ
ዘይኰነ፡ ነባሪ ኰይኑ ክቕጽል እዩ’ ዝብል
ትንቢት እዩ። ንሱ፡ በቶም ዝምህዞም ዘሎ
ኣብ ውሽጢ ሰባት ብመርፍእ ዝኣትዉ
ደቀቕቲ ሮበት ኣቢሉ ‘ንዘልኣለም ምንባር
ከም ዝከኣል’ ክገብር ምዃኑ’ዩ ዝገልጽ።
“እዞም ደቀቕቲ ሮበት ኣብ ውሽጢ ኣካላት
ሰብ ምስ ኣተዉ፣ ንዋህዮታት፡ ጅማውቲ . .
. ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚን ካልእን ከሐድሱን
ሓይሊ ክህቡን እዮም ዝኽእሉ። ከም’ቲ
ንዝኣረገ ንብረት ኣመስሪሕካን ኣሐዲስካን
ከም ብሓድሽ ከም ዘገልግል ትገብሮ፡
እዞም ደቀቕቲ ሮበት ከኣ፡ ደቂ ሰብ ብዕድመ
እናወሰኹ ክኸዱ እንከለዉ፡ ብሕማም
ይኹን ብድኻም ተሰኒፎም መታን ከይኣርጉ፡
ሓይሎም እናኣሐደሱን ጥዕና እናሃቡን እዮም፡
ንዘልኣለም ክነብሩ ከኽእልዎም” ይብል እቲ

ኣመሪካዊ መሃንድስ ረይ ኩርዝዊሊ።
ብዙሓት ተመራመርትን ክኢላታትን፡ ነዚ
‘ሰባት ዘልኣለማውያን ክዀኑ’ዮም’ ዝብሃል
ዘሎ ቴክኖሎጂ፡ ህያው ኰይኑ ኣብ ባይታ
ክርአ ምእማን ልዕሊ ዓቕሚ ኣእምሮ
ሰባት’ኳ እንተዀነ፡ ቴክኖሎጂ በዚ ዝሕንበቦ
ዘሎ ፍጥነት ግና ክከኣል ምዃኑ’ዮም
እምነቶም ዝገልጹ ዘለዉ።
ድሕሪ 8 ዓመት፡ እቲ መስርሕ ምምሃዝ
ናይ’ቶም ደቀቕቲ ሮበት ተፈጺሙ ኣብ
ኣካላት ሰባት ኣትዮም፡ ንዘልኣለም ከም
ንነብር ክገብሩ ምፍታን፡ ኣንጻር ተፈጥሮ
ምቅላስ ደኣ’ምበር፡ ፈጺሙ ከም ዘይክኣል
ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዘለዉ
ክኢላታት ቴክኖሎጂ መጐተኦም የስምዑ
ምህላዎም ይንገር። ንስኻትኩም ከ እንታይ
ትብሉ?

ኣብ 2022፡ ብቻይናውያን ተመራመርቲ
ዝተሰርሐት በራሪት ታክሲ፡ ኣብ ዱባይ
ንምርኢት ቀሪባ ምንባራ ዝዝከር እዩ። ኣብ’ዛ
ክንፋነዋ ሓንቲ መዓልቲ ተሪፋታ ዘላ ዓመተ
2023 ድማ፡ እተን በረርቲ ታክሲ፡ ብዓይነተንን
ኣቀራርበአንን ማዕቢለን፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ
ፓሪስ ክመላለሳ ጸኒሐን እየን። እተን ‘ቮሎሲቲ’
ተባሂለን ዝፍለጣ በረርቲ ታክሲ፡ ኣብ 2024
ኣብ ጸወታ ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ስሩዕ ኣገልግሎተን
ክጅምራ ምዃነን ይቃላሕ ኣሎ።
እዘን ኣብ ሰዓት 110 ኪሎ ሜተር ዝጐዓዛ
በረርቲ ታክሲ፡ ካብ መሬት ተላዒለን ክበራ

እንከለዋ፡ ረባሺ ድምጺ ዘይብለንን ብኣሰራርሐአን
ዝተራቐቓን ምዃነን’ዮም፡ ክኢላታት ናይ’ተን
ቴክኖሎጂ ዝገልጹ ዘለዉ። ነተን በረርቲ ታክሲ
ንምምዕባል ማእለያ ዘይብሉ ሚልዮናት
ገንዘብ ስለዝተኸፈለ፡ ስሩዕ ኣገልግሎተን ብክቡር
ዋጋ ተተሚኑ ክጅመር ምዃኑ’ዮም፡ እቶም
ክኢላታት ወሲኾም ዘረድኡ።
ነቲ ኣብ 2024 ኣብ ፓሪስ ዝካየድ ጸወታ
ኦሎምፒክ ንምዕዛብ መዲቦም ዘለዉ ብዙሓት
ሰብ ጸጋ ሃብቲ ዓለምና፡ ድሮ በተን በረርቲ ታክሲ
ተጠቒሞም ካብን ናብን ፈረንሳ ንምንቅስቓስ
ይምዝገቡ ኣለዉ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 8

ርእይቶ

“ክቡር የኽብረካ መጠነ ነብሱ. . .”
ኣብ ሓደ ቤት-ጽሕፈት ተሰቒላ
ዝረኣኽዋ/ዘንበብክዋ ጽሕፍቲ፡ ኣዝያ
መሲጣትኒ። “እትብሎ ኩሉ ክሳብ
ዘይበልካዮ ወይ ኣብ ውሽጥኻ ክሳብ
ዝሃለወ - ናትካ እዩ። ካብ ኣፍካ ካብ
ዝወጽኣሉ ህሞት ኣትሒዙ ግን፡ ናይ
ሰማዒኡ እዩ እሞ - ኣብ’ቲ እትብሎ
ተገደስ” እዩ ትሕዝቶኣ። ዘረባ ልዕሊ ንፋስ
ክሕምበብ ይኽእል እዩ ዝብል ኣበሃህላ
ኣሎ። ሰባት ምስ ከማና ሰባት ስለንራኸብ፡
እቲ እንብሎ፡ እንዛረቦ ዘበለ ናብ ጣዕሳ
ዝሸምመና ከይከውን ምሕላዉ፡ ኣፍና
ቅድሚ ምኽፋትና ከነስተውዕሎ ዘለና እዩ።
ምኽንያቱ፡ ሰባት ንቃላትና ብዘይሓሰብናዮ
ኣንፈት፡ ብናቶም ኣተረጓጉማ ክግንዘብዎ
ስለዝኽእሉ።

ብልክዕ ንምዝራብ፡ ቃላት ባዕላቶም
ፍጹም ተጓዳእቲ ኣይኮኑን። ምኽንያቱ፡
ቃላት ንገሌና ዝጸልዉ ንገሌና ዘይጸልዉ
እንተደኣ ኮይኖም፡ ‘ቃላት ሃሰይቲ እዮም’
ክንብሎም ኣይንኽእልን ኢና። ሓይሊ
ቃላት ኣብ እዝኒ ሰማዒ እዩ ዘሎ። ኣብ
ተዛራቢኦም ወይ ኣብቶም ቃላት ንባዕሎም
ጸገም የለን። እቲ ብኣወንታ ድዩ ብኣሉታ
ዝጥመት ጉዳይ፡ ኣብ ምትርጓሞም እዩ
ዘሎ።
ቃላት እቶም ቀንዲ ናይ ርክባትና
መሳርሒ እዮም። ኩልና ከም እንርድኦ፡
ንኽንሕጐስ ወይ ንኽንጉሂ. . . ዝለዓለ
ተራ ኣለዎም ኣብ ዝዀነ ርክብ። ሓደ
ዘይጭበጥ ነገር እሞ ብኸመይ እዩ -
ኣብ ሂወትና ክጸልወና ወይ ስምዒታትና
ክትንክፍ ዝኽእል? ቃላት ካብ ኣፍ
በሃሊኦም ክወጽኡ እንከለዉ፡ ካብ’ቲ
ዘውጽኦ ትንፋስ ንላዕሊ ሓይሊ የብሎምን።
ኣብ እዝኒ ሰማዒኦም ምስ በጽሑን ኣብ
ኣእምሮ ናይ’ቲ ሰማዒ ኣትዮም ምስ
ዝትርጐሙን እዮም - እንታይ ግድኻ
ከከም ዕድሎም ዋጋን ሓይልን ዝረኽቡ።
እንተደኣ ኣብ ሕማቕ ስምዒት ኣሎና/
ጸኒሕና ወይ ንባእሲ ሃነፍነፍ ንብል ኣሎና
ኮይንና፡ ንኹሉ እቲ ዝተዘርበ ቃላትን
ሓረጋትን፡ ብኣሉታዊ መንገዲ ክንትርጉሞ
ኣብ ቀረባ ኢና ዘሎና። ብኣንጻሩ፡ እንተደኣ
ኣብ ኣወንታውን ሰላማውን ስምዒት ኣለና፡
ነቲ ዝዝረብ ዘበለ ብጽቡቕ ክንትርጉሞ
እዩ ዝቐለና። ናብ ኣእምሮ መዛርብትና
ኣቲና ኣብ እዋን’ቲ ዝርርብ ነቲ ቃል ወይ
መልእኽቲ ብልክዕ እንታይ ሓሲቡ እዩ
እልዎዎ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን። ከምኡ
ድማ ካልኦት፡ ኣብ መሽጎራጉር ኣእምሮና
እንታይ ይካየድ ኣሎ ክፈልጡ ትጽቢት
ኣይንገብርን።
ንሕና በይንና ኢና - ነቲ ንቃላት
ናይ ካልኦት ሰባት እንህቦ ግብረ-መልሲ
ሓላፍነት እንወስደሉ። ኣብቲ ንቃላት

ብመንጽር ንዓና (ንሰማዕቲ) ዝህቡና
ትርጉም ዲና ክንግደስ ዝግበኣና ወይስ
ኣብቲ - እቲ ተዛራቢ ዝህቦም ትርጉም
ብዙሕ ዘካትዕ ነገር እዩ። ነቶም እንሰምዖም
ቃላት ብኸመይ ንትርጉሞም ኣብቲ ናይ
ባዕልና ኣረኣእያ ዝምርኮስ እዩ። እዚ
ኣረኣእያና ከኣ፡ ኣብቲ ውልቃዊ ናይ
ሂወት ወይ ናይ ናብራ ኣጠማምታና
እዩ ቀንዲ ምንጩ ከም ዝመስለኒ። ሰሪ’ዚ
ከኣ፡ እቲ ናትና ውልቃዊ ናይ ቃላት
መተርጐሚ ተመሊሱ ንዓና ናብ ባእሲ
ወይ ዕግርግር ከእትወና ይኽእል። እዚ
ኣገላልጻ እዚ በቲ ሕሉፍ ሂወትና ዝሃቦ
ተመኩሮታት ደኣ’ምበር፡ ‘እከለ/እከሊት
ከመይ ሓሲቦምዎ’ ምባል ኣይንታዩን እዩ።

እዚ ኣተረጓጉማ እዚ በቲ ካልእ ኣንጻሩ
እውን ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ። ሓደ
መንእሰይ ዘጋጠሞ ወይ ዝተርጎመሉ
ኣገባብ ንኣብነት - ካብዚ ክንብሎ ዝጸንሕና
ብኣንጻሩ ይኸውን። እቲ መንእሰይ ሓንቲ
ምልክዕቲ (ትርጉም መልክዕ ንባዕሉ፡ ካብ
ዓይኒ ጠማቲኡ ይበሃል እዩ) ጐረቤት
ኣላቶ። እዚ መንእሰይ እዚ፡ ነዛ ጎረቤቱ
ነናሻዕ ክርእያ ምሒር እዩ ዝብህግ።
ኣብቲ እትኣትወሉ ወይ እትወጽኣሉ
ግዝያት፡ ናይ ግድን ኣዒንቱ ብምስላ
ንከብርህ ኣብ መንገዳ ክጽበ ዝለመዶ ነገር
እዩ - ባህ ድማ ይብሎ። እዛ መንእሰይ
እምበኣር፡ ነዚ ሓውና ሰላምታ ሂባቶ ኣብ
እትሓልፈሉ እዋን - ብውሽጡ ንሳ እውን
ከምዝፈተወቶ ክትርጉሞ ይኽእል። በታ
ሰላም ዝበለቶ ጥራይ። ብልክዕ ግን እዛ
ሰብ ስለ ዝፈተወቶ ድያ ወይስ ናይ
ጎረባብቲ ሰላምታ እያ ትልግሰሉ ዘላ. . .?
ንሳ እያ እትፈልጦ።
ከም’ዞም ኣይድኻ ኣይሃብታም ዝበሃሉ
ኩይኑ - ኣብ ንግዲ ዓለም ዝዋሳእ ሰብ
ኣሎ። ናብ ንግዲ ዓለም ካብ ዝኣቱ ነዊሕ
ኣይገበረን። ኩሉ ዕላላቱ ይኹን ኣካይዳኡ
ግን ብዛዕባ ገንዘብን ገንዘብ ዘሎካ ሰብ

ምዃንን እዩ። ሓደ እዋን ሓደ ንብረት
ይገዝእ’ሞ - እታ ንብረቱ ኣብ’ቲ ከባቢ
ፈጺማ ንኽትሰኣን ክምህለል ጀመረ።
እታ ንብረት እንተደኣ ተሳኢና፡ ዋጋኣ
ክውስኸላ ሰማይ ከዕርጋ እሞ - ብዝያዳ
ክኸስበላ እዩ ሃንቀውታኡ። ሕጂ እዚ
ሰብ እዚ ንመኽሰብ ብከመይ ተርጒምዎ
ኣሎ ክንርዳእ ወይ ክንፈልጥ እኳ እንተ
ዘይከኣልና፡ ሓደ ነገር ግዳ ንጹር ኮይኑልና
ኣሎ። እዚ ከኣ ንዓሰርተ ሚእታዊት አረ
ካብኡ ንላዕሊ እውን መኽሰብ ከም
መኽሰብ ዘይምጥማትን ዘይምትጋህን እዩ
ዘሎ ኣጠማምታኡ።
መብዛሕትና፡ ክብል ዘድፍረኒ ወነንቲ
ብዙሕ ሃብትን ገንዘብን ንምዃን ንደሊ
ኢና። ካብዚ ወጻኢ ዝሓስቡ ምናልባት
ቁንጣሮ እዮም ክኾኑ ዝኽእሉ። ኣብዚ
እምበኣር፡ ሓደ ዓቢ ሕጊ ይዝንጋዕ
ምህላዉ የተሓሳስበካ። ብሂወት ምህላውና
ጥራይ ዝህበና ብዙሕን ማእለያ
ዘይብሉን ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ትምህርቲ
እዚ - ኩሉ ሳዕ ኣብ ከባቢና ዝፍጸሙ
ክስተታት ብምዕዛብ እንቐስሞም እዮም።
ራኢ ዘለዎ ሰብ ንምዃን ሕልሚ ዘለካ
ክትከውን ኣገዳሲ ነገር እዩ። ኣብ ዝርዝር
ከይኣተና ምሕላም ማለት - ትልሚ
ህይወት ክህልወካ ምድላይ ማለት ምዃኑ
ከም ርዱእ ወሲድና፡ እቲ እንሓልሞ ናትና
ወይ ዝውክለና ዲዩ ምስትብሃል ዘድልዮ
እመስለኒ። ክንደይ ካባና ኢና ንናትና
ሕልሚ ከየአንገድና ሕልሚ ካልኦት

እነሳሲ? እቲ እንሓልሞ’ኸ ይዳረገና ድዩ?
ደረጃታት ንሕሉ ዲና ወይስ ፍር ኢልና
ብዛዕባ’ቶም ብማዕዶ እንሃርፎም ነገራት
ኢና እንግምጁ? ኣብ ህይወት ‘ዘይከኣል
ነገር የለን’ ዝብል ኣዘራርባ ንሰምዕ ኢና።
እዚ ማለት ግን ደረጃ ወይ መሰላል
የለን ከስምዕ የብሉን። ምኽንያቱ፡ ዝኾነ
ነገር ወይ ስራሕ ነናቱ ዝሓትቶ ደረጃታት
ስለዘለዎ፡ ነቲ ክንበጽሖን ክንጭብጦን
እንደሊ ውሽጣዊ ባህግታትና፡ በቲ ዝጠልቦ
መስርሕ ደኣ ክንከዶ ይግባእ’ምበር ብዝላ
ክንጽንበሮስ ተመራጺ ኣይኰነን።
ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ኩነታትን ደረጃን
ይሃሉ ብዘየገድስ፡ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ
ክህልዎ ክደሊ ይኽእል እዩ። ከምኡ ክብል
የብሉን ክንብል ኣይንኽእልን። እቲ ጸገም
ዝመጽእ ንሕጊ ሂወት ክንስዕር ወይ ዕሽሽ
ክንብል ኣብ እንፍትነሉ እዩ ዝኸውን።
ሂወት፡ ብዙሓት ሕግታት ክህልውዋ
ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ፡ ምስ’ዚ ዘልዓልናዮ
ጉዳይ ሚልዮን ናቕፋ ዝመጽእ ግን፡ ሕጊ
ምዕባለ፡ ሕጊ ዕብየት ወይ ወሰኽ እዩ።
ሓደ ሓረስታይ፡ ናይ ኣራንሺ ጀርዲን
ክገብር ምስ ዝደሊ፡ ተኽሊ ኣራንሺ ኣብ
ክንደይ ንውሓት ግዜ - ካብ ዘርኢ ናብ

ፍርያት ከም ዝኣኽለሉ ይፈልጥ እዩ።
ኣብ ሳልስቲ ዝጽበዮ ፍርያት ይኹን ገረብ
ኣራንሺ ክህሉ ስለዘይክእል ማለት እዩ።
ሓደ መንእሰይ መሃንድስ ክኸውን ምስ
ዝደሊ፡ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃታት
ትምህርቲ ሰጊሩ ኮሌጅ ክኣቱን ክነፍዕን
ይግበኦ።
እሞ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ክህልወካ
ድማ፡ ቅድሚኡ ሚእቲ ሽሕ ዘለካ
ክትከውን፡ ወይ ብኣኡ ክትሓልፍ ግድነት
እዩ። ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ እውን ብነናይ
ሓደ ሽሕ ናቕፋ እዩ ዝተኣኻኸል። ሕጊ
ሂወት ድማ ምስ’ቲ ነናትና ናይ (ነፍሲ-
ወከፍና) ትርጉም ዝሰማማዕ ኣይኮነን።
ንሕና ኢና ምስኡ ክንመሳሰል ዘለና።
ገለ ነጋዶ ግን ነዚ ስግር ኢሎም፡ ወነንቲ
ሚልዮን ንምዃን ካብ ምርባጾም ዝተላዕለ፡
ንዓሰርተ ሚእታዊት መኽሰብ ከም ክሳራ
ይትርጉምዎ። በቲ መተርጐሚኦም
ንሓንቲ ዓሰርተ ናቕፋ ዝዓደግዋ ንብረት
ሚእቲ ናቕፋ እንተ ዘይሸይጦምዋ ከም
ክሳራ እዮም ዝትርጉምዎ ስሓስብዎ።
ሕጂ ነዚ ትርጉም ንግዲ ካብ ዘይምርዳእ
እዩ ዲና ክንብሎ ወይስ ካብ ስስዐ ዝብገስ
ርእሱ ዝኸኣለ ኣተረጓጉማ መኽሰብ እዩ.
. .?
ምንባር፡ ንገሌና ዝህበና ትርጉምን ፋይዳን
ንካልኦት ትርጉም ዘይብሉ ዘይኮነሉ ኩነት
ኣይሰኣንን። ምንባር ንሓደ ትርጉም ዘለዎ
ህይወት ክኸውን ግዳ ሰናይ እመስለኒ።
እምበር ኩላትና ብሓደ ትርጉም ናይ

ሂወት ክንናበር ክውንነታዊ ኣይኮነን።
ካብ ፋይዳ ዘይርከቦ ሂወት ዝርከብ
ትርጉም እውን ዘሎ ኣይመስለንን።
ንገሌና፡ ሓንቲ ሰዓት ነቲ ዘለናዮ ዓውዲ
ስራሕ ወይ ሞያ ከነመሓይሽ እንጽዕረላን
ፋሕተርተር እንብለላን ክትከውን እንከላ፡
ገሊኦም ብኸመይ ከም ዘሕልፍዋ
ዝሕርብቶም ኣይኰነን - ዋላ ብዘይ ፍረ
እንተኣሕለፍዋ።
ምኽንያቱ፡ ንለውጢን ንምምሕያሽን
እንህቦ ትርጉም፡ ከም ፍቕድና ክበዝሕ
ባህርያዊ እዩ። ንግዜ ብደቓይቕ
ብካልኢታት መቓቒልና ክንጥቀመሉዶ
ንፍትን ዋላስ ነቲ ናይ ሓደ መዓልቲ
መደብ ስራሕና፡ ኣብ ሰሙን ክልተ
ሰሙን እናኣጓተትና. . .? ናብ ነብስና
ምልስ ኢልና እስከ ምስ ውሽጥና ንላዘብ።
ስራሓትና ንስለ ምስራሕ ዲና እንሰርሖ
ዋላስ ገለ ትርጉም ኣብ ሂወትና ስለ ዘለዎ?
ኣብ’ዛ ሓጻር ዕምርና እንታይ ክንሰርሕ፡
ዝሰራሕናዮ ነባሪ ንምግባሩኸ ንሓስብዶ.
. .? ሕጂ’ውን እቲ ኣተረጓጉማ ‘ንነብስና
ካብቲ ስራሕ ወይ ካብቲ ሞያ ወጻኢ
ክንስእላ ዘዘኻኽር እዩ።
ክልተ ሰባት ናብ ሓደ ቤት-ቁርሲ
ይኸዱልኩም። ናብቲ ቤት-ቁርሲ
መላገሲኦም ምኽንያት ክምገቡ
ብምድላዮም እዩ። ገና ብትሕዝቶ ናይቲ
ትካል ኣብ ምዕጋብን ዘይምዕጋብን
ከይበጽሑ ከኣ፡ ዳርጋ ኣብ ናይ ዓሰርተ
ደቒቕ ግዜ - ‘ንኺድ፡ ኣብ ካልእ
ይሕሸና!’ ናብ ምባል ሰገሩ። ናብቲ
ቤት ቁርሲ ኣትዮም ንዓሰርተ ደቓይቕ
ዝኣክል ተጸብዮም ዝደለይዎ ንምንጋር
ዝውከስዎ ሰብ ኣይረኸቡን። ቶሎ ኢሉ
ዝሕብሮም ሰብ ኣብ ዘይመጽኦም ቤት-
ቁርሲ ከኣ፡ ዘዕግቦም መግቢ ክረኽቡ
ክጽበዩ ኣይኰኑን።
‘ካብ ፍትፍቱ ፊቱ’ እውን ተባሂሉ እዩ
ብቐደሙ። ንሰብ ከተገልግል ዝወፈርካዮ
ስራሕ፡ ንሰብ ከተአንግድ ዝኸፈትካዮ
ትካል - በቲ ግቡእ ከተአንግዶ እንተ
ዘይክኢልካ ዘይምውፋር ወይ ትካል
ወሃቢ ኣገልግሎት ዘይምኽፋት እዩ
ዝሓይሽ። ምናልባት እውን እቲ ጉዳይ
ካብ’ቲ ዋና ዘይክኸውን ይኽእል እዩ።
ኣሳሳዪት፡ ንነብሳ ካብቲ ናይ ምስሳይ ስራሕ
ወጻኢ ስኢላ/ቀሪጻ ትርእያ ትኸውን።
ናብቲ እትደልዮ ክሳብ ዘይበጻሕካ ግን፡
ነቲ ዘለኻዮ ስለምንታይ በቲ ግቡእ
ዘይተማልኦ? እቲ ዘለኻዮ ንስለ ምህላው
ካብ ትህልዎስ ዘይምህላውካ ምሓሸ።
ንዝኽእልዎ፡ ቦታን ዕድልን ምኽላእካ
ጥራይ ዘይኰነ፡ ነቶም ነቲ ቦታ ክጥቀምሉ
ዝመጽኡ ሰባት እውን ግዳይ ትገብሮም
ኣሎኻ።
ሓደ ተረካብ ዘረባ ዘይፍለዮ ሰብ
እውን፡ ናብ ሓደ ቤት-ሻሂ ከይዱ ከም’ዚ
ክንርእዮ ዝጸናሕና ኣጋጢምዎ እዩ።
እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል - ነዛ
ናብ ትካሎም ምእታዉ እኳ ዝጸልእዎ
ክመስሉ፡ ቁሊሕ ኣይበልዎን። ሓደ ሓደ
ግዜ ምናልባትዶ. . . ? ኢልካ ንነገራት
ምኽኑይ ክትገብሮም ትፍትን ኢኻ።
ምናልባት ስራሕ በዚሕዎም ይኸውን.
. .ዝኣመሰለ ባዕላዊ ግምታት ይወሃብ
እዩ። ኣብ ፍሉይ ሰዓታት፡ ኣብያተ-
ካፈ ብተገልገልቲ ቅጽጽ ይብላ እሞ፡
ንሰራሕተኛታት ትንፋስ ዘይህብ ጻዕቂ
ስራሕ ዝረኣየሉ እዋናት እውን ኣሎ። ነዚ
ሓውና ዘጋጠሞ ግን ከምኡታት ኣይኮነን።
ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል ኣብ

ዕላልን ወኻዕካዕን እዮም ነይሮም። ሰሓቕ
ሓደ ዘይጽላእ ኣካል ሂወት’ኳ እንተኾነ፡
ኣብ እዋኑ ምስ ዝኸውን እዩ ትርጉም
ዝህልዎ። ድሕሪ ክንደይ ምጽባይን
ምምዕዳውን ዝመጽኦ ሰብ ዘይረኸበ
ተዛራባይ፡ ብዓውታ ከጣቕዕ ጀመረ።
ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ’ቲ ትካል ድማ
ተገዲዶም ኣቓልቦ ሃብዎ። ናይ ኩላቶም
ግዱድ ኣቓልቦ ከም ዝረኸበ ምስ ረኣየ፡
“ክንሰምዓኩምዶ? እንታይ ክንእዘዘኩም.
. .?” ክብል ንዕላሎም ኣቋሪጹ ትርጉም
ስራሖም ነጊርዎም።
ሓደ-ሓደ እዋን ኣብ ገሊኡ ትካላት
ኣገልግሎት እትረኽቦ ወሃቢ ኣገልግሎት፡
ከም’ዚ ኣገዲድካ ዝደለኻዮ ትሕብሮ
ዘለኻ እዩ ኮይኑ ዝስመዓካ። እቲ ትካል
ብቐንዱ ክቐውም፡ ክምዕብል፡ ክኸስብን
ቀጻልነቱ ከውሕስን ተገልጋሊ ሒዙ
እዩ፣ ተገልጋሊ ክህሉ ግድን እዩ። እቲ
ተገልጋሊ ከም ዋና ናይቲ ትካል ገይርካ
ምርኣይ ብልሒ እምበር ክሳራ ኣይኮነን።
ኣተረጓጉማና ከነመዓራሪ ክሳብ ዘይከኣልና፡
ትካልና ክስስን ምጽባይ ‘ገ’ እናበሉና
ደጋጊምና ከም ምግጋይ እዩ ዝቚጸር።
ስራሑ ዘኽብር (ኣብ ዝሃለወ ዓይነት
ስራሕ ይሃሉ) ብመጠን ናይ’ቲ ዘርኣዮ
ክብረት ሞሳኡ ኣይስእንን እዩ። ሓደ ኣቦ፡
ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ንዝነበሮም
ስራሕ ምስሳይ ብተመስጦን ብሓበንን
ደጋጊሞም ከዕልልሉ ሰሚዐዮም። ከም
ኣገላልጻኦም እዞም ኣቦ - ምስሳይ ክቡር
ሞያ እዩ። ብሕልፊ ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ፡
ቁጠባዊ ኩነታት ሃገርና ዘገላብጥ ስራሕ
ረኺብካ ‘ካብዚኣስ እዚኣ ትሕሸኒ’
እናበልካ እተማርጸሉ ኣይነበረን። ዳርጋ
ኩሎም ኣስራሕቲ ናይቲ ሽዑ እዋን
ኢጣልያውያን ምስ ምንባሮም፡ እቲ
ስራሕ ክብድ ከም ዝብል ዝገብር እዩ።
እዞም ኣቦ ግን፡ ነቲ ናይ ሽዓኡ ስርሖም
ብጽፈት ምስልሳሎም ብፍቕሪን ብሓበንን
እዮም ዝዝክርዎ።
እቶም ናይ ሽዑ ኣሳሳዪ ኣቦ ሎሚ፡
ድሕሪ ነዊሕ እዋን ወናኒ ድልየቶምን
ሕልሞምን ኰይኖም ምርኣይ፡ ከመይ
ደስ ዝብል ነገር እዩ። እቲ ምንታይሲ፡
ከም’ቲ “ክቡር የኽብረካ መጠነ ነብሱ. .
.” ዝብል ምስላ ኣቦታት፡ ‘ስራሑ ዘኽብር
ንነብሱ ይኸብር’ ስለዝዀነ።

ኤርሚያስ ኣብርሃም (ወዲ ኢሞ)

ሎሚ ኣብ ERI-TV

09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ድራማ
09፡25 ሃለው ቆልዑ
10፡00 ፓኖራማ
11፡00 ለሰ ስፖርት
12፡30 ዜና ትግርኛ
12፡55 ጩራ ጥዕና
13፡30 ዜና ዓረብ
13፡50 መልሲ ኣብ መስመር
14፡30 ናትራን
17፡00 መኣዝን ልምዓት
17፡30 ሳይዳ
18፡30 ዳረት ቃና
20፡00 ዜናትግረ
20፡13 ሄራር
21፡00 ዜና ትግርኛ

21፡25 ተክ ኢንሳይት
22፡00 ዜና ዓረብ
22፡15 ኢድኣት
22፡30 ዜና እንግሊዝ
24፡40 ሃገራዊ መዝሙር



ሓዳስ ኤርትራ 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 9

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

መበል 33 ዓመት ቁ.104

ኣነ በላይነሽ ኣሸነፈ ተሰማ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ “ኣስመራ” ዞባ “1”
ምም. “10” ጎደና “ሻላ ሃይቅ” ቁ. ገዛ ‘5’ ዝርከብ ገዛ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን
ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 108042 መወከሲ ቁጽሪ 108512 ብስም
ወላዲት ኣደይ ነፍ/መብራት ገብረህይወት ሰንጋል ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝብጸሓኒ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ

(ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

በላይነሽ ኣሸነፈ ተሰማ

2ይ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ንግዳዊ ባንክ ብፍ/በ/ዕዳ ትካል ኤርትራ ናይ ህንጻ መሳርሒ ማሽነሪታት ሓ.ዝ.ብ.ማ (EBMM) ብዝተፈጠረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ኩርባ እምበይቶ ዝርከብ ናይ ህንጻ ማሽነሪታት መሳርሒ ከምኡ’ውን እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ መካይን፦
1. (FORD) mobile concret dispenser model 1995
2. (MITSUBISHI) CANTER one door left
3.(MITSUBISHI) CATER
4. (VOLKS WAGEN) transporter
5. (HONDA) Accord model 1993
6. (CASE) Loader
7. (TOYOTA) pick up one
pick up cover
8. (CLARK) Forx lift
9. Motor cycle
እዚ ዝተጠቕሰ ናይ ህንጻ መሳርሒ ማሽነሪታት መካይን ብኽኢላ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 7,715.710.5 (ሸውዓተ ሚልዮንን ሸውዓተ ሚእትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን ዓሰርተ 5% ናቕፋ) ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ ብምስራሕ ወይ ቡክ ሕሳብ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ብፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 ብምቕራብ ክውከስ ይኽእል።

ዕለተ ሓራጅ፦ 23/01/24 ዓ/ም
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብስም ወረ/ነፍ/ሄር ብርሃነ በራኺ ጋብር ወ/ሮ ትርሓስ ተስፋማርያም ግርሙ +6 ብቁ/ምስክር ወረቐት 530494 ብመወከሲ ቁጽሪ 530829 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ ብቁጽሪ ተሌፎን 07145363 ክትሕብሩኒ። እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ አፍልጥ።

ኣቶ ኣብርሃም ብርሃነ በራኺ

ብዛይድ ሃይለሚካኤል ጐይትኦም +23 ኣብ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ጎደና ዓዲ ኣቤቶ ዚፕ 1 A 158 ቁጽሪ ገዛ 2 ፕሎት 52 ፓርሰል C ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ቁጽሪ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 1፡ 007064/1 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብመሸጣ ስም ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሙሴ ዘካርያስ ሃብተማርያም

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ወልዱ ርእሶም፡
ተኸሳሲ ኣቶ ሮቤል ስምረት
ወልደሚካኤል ንናይ ሞግዚትነት
ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ
ውሳነ ክወሃበሉ ምዃኑ ነፍልጥ።

ገነት ተስፋጊዮርጊስ ፍስሃጽዮን ምባል
ተሪፉ፡ ገነት ተስፋጊዮርጊስ ግርማጽዮን
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ማህፉዛ እድሪስ ፈረጅ ምባል ተሪፉ፡ ሓናን
እድሪስ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ማቴዎስ ዳዊት እምሃ ምባል ተሪፉ፡ ማትያስ
ዳዊት እምሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ርግኣት ባህታ፡ በዓል ቤተይ ካብ
መወዳእታ 1991 ኣትሒዙ ደሃይ ስለ
ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሄርሞን መሓሪ መብራህቱ ምባል ተሪፉ፡
ፍርቱና መሓሪ መብራህቱ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋይ ዑቕባዝጊ፡ በዓል ቤተይ
ሰለሙን ተስፋሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5
ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/24
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን ዑቕባማርያም ኣስፋው፡
ኣደይ ዝፋን መንግስቱ ገብረስላሴ
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን23/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ
ተከሌዛን

ከሳሲት ወ/ሮ ስምረት ክፍላይ፡ ተኸሳሲ
ገብረትንሳኤ ተኸስተ፡ ናይ ሓዳር ክሲ
ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ
ብሕጋዊ ወኪል ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ቅረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከሳሲት ሳራ ፍስሃጽዮን ሕድሩ፡ ተኸሳሲ
ኣቶ ገብሩ ተኽለወይኒ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር
ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ
ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ቅረብ።

ኣነ ወ/ሮ ሂማን በረኸት ተኽሊት ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ምም/ን/ዞ ገጀረት፡ ቁ/ፓርቸላ ASP00005599 ዝርከብ ኣብ 131.27 ት/ሜ ዝተደኮነ ብስም በዓል ቤተይ ነበር ኣቶ መሓሪ ተወልደ ዓንደመስቀል፡ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት፡ 1፡ 006369 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ምስ ብዓል ቤተይ ብፍትሕ ስለዝወዳእና’ሞ እቲ ገዛ ናባይ ስለዝበጸሐ፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሂማን በረኸት ተኽሊት
ወኪል ኣቶ ፊልሞን መሓሪ ተወልደ

ኣብ ዞባ-ማእከል ኣስመራ ን/ዞ/ገዛ-ባንዳ ጎደና ሰንሒት ቁ.ገዛ 45 ፕሎት AST00004991-3 ፓርሰል ASP00010600-A ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ቁ.መዝ.120234 መወከሲ ቁ.113674 ብስም በዓል-ቤተይ ነፍ/ኣለም ክፍሎም ተግባሩ ብወርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ናብ ስምና ከነመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት -ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት -ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ሓዳስ ሃብቱ ተድላ +2

ሓዳስ ኤርትራ

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 10

ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ
ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/ሰ/መሰል 1. ወ/ሮ
መኣዛ ባህታ 2. ወረ/ነፍ ክፍላይ ዑቕባዝጊ፡
ሮቤል ክፍላይ +2 ብፍ/በ/ሰ/ዕዳ ወረ//ነፍ
ክፍላይ ዑቕባዝጊ፤ ወ/ሮ ምሕረት ክፍላይ
+1 ዘሎ ናይ ፈጽሚ ጉዳይ ዝምልከት
ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብፍ/በዕዳ ወ/ሮ
ምሕረት ክፍላይ ዑቕባዝጊ ኣድራሽኣ
ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ
ወኪል ብጋዜጣ ተጸዊዓ ን16/1/24 ኣብ
ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.37 ትቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ
ማእከል ኣስመራ

ኪዳነ ቐሺ ኣብርሃ +3፡ ሓውና
ወልድኣብ ቀሺ ኣብርሃ ካብ ዓዲ ምስ
ወጸ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡
ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓበን ካሕሳይ ወልደንስአ፡ ኣደይ
ርግበ ተኽለ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡
ንግስቲ ገብረእየሱስ ገብረስላሴ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣማን ተስፋይ ስዩም ምባል ተሪፉ፡
ኣማኑኤል ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ብርሃነ ወልደኣብ ይልማ ምባል ተሪፉ፡
ብርሃነ ቀለታ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ዮርዳኖስ መለስ
2.ዮርዳኖስ መለስ፡ ብፍ/ሰ/መሰል ወረ/
ነፍ ለምለም ሙሳዝጊ ሃይለ ግደይ+1
ንፈጽሚ ዝምልከት መዝገብ ከፊቶም
ስለዘለዉ፡ ብኣካል ወይ ብመንገዲ ወኪል
ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32
ቅረባ። እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን
ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሓሊማ ኢብራሂም ማሕሙድ፡ ስም
ስዉእ ሓወይ ማሓመድ ኢብራሂም
መንታይ ምባል ተሪፉ፡ ማሓመድ
ኢብራሂም ማሕሙድ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ኣዜብ በረኸት ግርማጼን ምባል ተሪፉ፡
ፍረወይኒ በረኸት ግርማጼን ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን15/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37
ይቕረብ።

ሳሚ ዓወድ መሓመድ ኣሕመድ
ምባል ተሪፉ፡ ኤስሮም ተዓገስ ዓወድ
መሻብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ
ሓሙስ

ኣቶ ሃብተገርግሽ ገብረብርሃን፡ በዓልቲ
ቤተይ ሃይማኖት ዑቕበ ወልደስላሴ

ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ኣባሻውል

ወ/ሮ ሩታ ኣሉላ ቢያረግልኝ፡ ወላዲየይ
ኣሉላ ቢያረግልኝ ኣብ 1976 ዓ/ም ምስ
ከደ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ
ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ተስፋስላሴ ቀለታ፡ ሓፍተይ
ሃይማኖት ቀለታ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4
ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ሚካል ሃብተማርያም ድራር፡
ብዓል ቤተይ ሂላል ሓምድ ሳልሕ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ከኣ ወራሲት
ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን23/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ወ/ሮ ኣብርሀት የማነ መሃንዘል፡
ብዓል ቤተይ ወልዱ ተስፋሚካኤል
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/24 ኣብ ቤ/ፍ

ይቕረብ። ከሳሲት ወ/ሮ ዮርዳኖስ ተስፋማርያም ተሰማ፡ ተኸሳሲ ሲራክ መርሃዊ

ገብረመስኮት፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር
ክሲ መስሪታትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/24 ኣብ
ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሽዋ ሓጎስ ኣብርሃ፡ ሓፍተይ
ምሕረት ሓጎስ ኣብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/24
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ እንድርያስ ውጽኢት ጅፕስም
ሓ/ዝ/ብ/ማ፡ ንተኸሳሲት ወ/ሮ ሲኞራ
ቦናልዲ ማሪጌሪታ ፒዛሉንጋ፡ ዋንነት
ትካል ዝኾና 2+ መካይን 1ይቲ ሃች ባክ
ዝዓይነታ ER-1-1A6679፡ 2ይቲ ፒክ
ኣፕ ድርብ ዝዓይነታ ER-1-1A2099
መካይን ናብ ስምና ክመሓላልፈልና
ክብሉ ክሲ ስለ ዝመስረቱልኪ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/24 ኣብ
ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ
ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ዛይድ ዘውደ ጐይትኦም፡ በዓል
ቤተይ መኮነን ለባሲ ረዳእ ስለዝተሰውኣ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ከሳሲት ስምረት ብጹኣምላክ ገ/
ክርስቶስ፡ ተኸሳሲት ዮርዳኖስ ሳምሶም
ግደ፡ ገዛ ኣካርየያ እንተኮነ ግን ዓጽያቶ
ስለ ዝጠፍኣት ትጸውዓለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ እቲ ገዛ ብትእዛዝ
ቤት-ፍርዲ ክኽፈት ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ወኪ ዱባ

ወ/ሮ ሓረጉ መዓሾ ደበሳይ፡ በዓል ቤተይ
ተስፋማርያም ሃብተማርያም ሰቛር ስለ
ዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ዓዲ ቆንጺ

ሃብተማርያም ኣስገዶም ተኽልማርያም፡
ኣቦይ ኣስገዶም ተኽልማርያም ጓንጉል
ስለ ዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ኣብ
ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ቤት ፍርዲ ድባርዋ

ጽገሬዳ ሰለሙን ዘወልዳይ ምባል ተሪፉ፡
ሰለሙን ዘወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ምሉእ በሪህ ሓብሽ ምባል ተሪፉ፡
ምሉእብርሃን በሪህ ደብሽ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን12/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ኢሬሳሌም ገብርኣብ ገብረማርያም
ምባል ተሪፉ፡ ኣድያም ገብረኣብ
ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24
ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሞንጎቲ

ኣበርሀት መኮነን ሃይለ፡ ኣቦይ መኮነን
ሃይለ ስለ ዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ መሓሪ ገብረማርያም ገብረሚካኤል፡
ኣቦይ ገብረማርያም ገብረሚካኤልን ኣደይ
ኣበባ ባህረን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ወራሲ
ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ 12/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ቀላይ በዓልቴት

ከሳሲት ኣፎምያ ገብረሃንስ ክፍላይ፡
ተኸሳሲ ኣፈወርቂ ብርሃነ ገብረመስቀል፡
በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ
መስሪታትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ

ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከ/03
ከረን

ወ/ሮ ሄለን ክብሮም ገብረኣምላኽ፡
ወለድና ክብሮም ገብረኣምላኽ
ረዳኢን ለተብርሃን ገብረሂወት የውሃንስ
ስለዝዓረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን
ዘይንቐሳቐስ ንብረቶም ኣነ ምስ 3
ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ኣማኒኤል በርሀ፡
ተኸሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ተስፋይ
ዮውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ
ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ን15/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ሃብተማርያም ተስፉ ሃይለን ገነት
ዓንደብርሃን ገብረታትዮስን፡ ወድና
ዳኒኤል ሃብተማርያም ስለዝተሰውአ፡

ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ፡ ዋርድያ ክቖጽር ስለዝደለየ፣ ግዱሳት ናብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ክትምዝገቡ ንሕብር።

መደብ ስራሕ ዋርድያ
ተመክሮ ስራሕ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ልምዲ ዘለዎ
ቦታ ስራሕ ኣስመራ
ደሞዝ ብቤት ምኽሪ ንግዲ ስኬል መሰረት
ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይምልከቶ ወይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ
ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ከተመልክቱ ንሕብር።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ካብ 1 ጥሪ 2024 ዓ/ም ጀሚሩ ልሙድ ክራይ መሬት፡ ክራይ መደብ ዕዳጋ፡ ግብሪ ገዛ ከምኡ’ውን ኣገልግሎት ጽሬት ወ.ዘ.ተ ከኽፍል ከምዝጅምር እናኣዘኻኸርና፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዘይተኸፍለ ዕዳ ዘለኩም ወነንቲ ገዛውቲ፡ ብግዝያዊ መሬት ዝተመራሓልኩም ትካላት ሕርሻ፡ መደብ ዕዳጋታት፡ ክፍሊት ክራይ ኣባይቲ፡ መንግስታውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪታትን ኣብያተ ትምህርትን ወ.ዘ.ተ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ጨንፈር ኣታዊታት ቁጽሪ 21 ቀሪብኩም ክትከፍሉ ነተሓሳስብ። ንመሸጣ ዕንጨይትን ፈሓምን፡ ሕርሻን ካልእን ብግዜያዊ መሬት ዝተወሃበኩም፡ ክራይ ምስ ከፈልኩም ዓመታዊ ውዕል ክራይ ኣብ ቁጽሪ 14 መጺእኩም ከተሐድሱ ንሕብር።
ዝምልከተኩም ከፈልቲ ግብርን ዋጋ ኣገልግሎትን ኣብ እዋኑ እንተዘይከፊልኩም፡ ንዝስዕብ መቕጻዕቲ ሓላፍነትኩም ምዃኑ ነዘኻኽር።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል

ወ/ሮ ለታይ ጎሎም ወልደጊዮርጊስ +6 ዝተበሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ “ጎዳይፍ” ከባቢ “ቀሓውታ” ከተማ “ኣስመራ” ፕሎት “44” ፓርሰል “C1”ዚፕ ኮድ “1A713” ጎደና “716-16” ቁ.ገዛ “07” ዝርከብ ገዛ፣ ኣብ ሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 1BRASM007246/0 ብዕለት 27/04/2022 ብስም ለታይ ጎሎም ወልደጊዮርጊስ +6 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብዕለት 25/2/2020 ንወ/ሮ ሉላ መስፍን ተስፋጼን ስለ ዝሸጥናላ’ሞ ናብ ስማ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ

ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ለታይ ጎሎም ወልደጊዮርጊስ

ኣብ ቀዋዊ ይኹን ተንቀሳቓሲ
ንብረቱ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ
መሓመድ ኣድም ዓሊዑመር ምባል
ተሪፉ፡ መሓመድኣድም ዓሊ ዑመር
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ 22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ

ባረንቱ

ኣቶ ረዳእ ተኽለማርያም እምባየ፡
ኣደይ ብጭር ስብሃቱ ለባሲ
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ 19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 11

ስፖርት
ተስፋልደት መብራህቱ

ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ሎሚ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ካልኣይ

ዲቪዥን ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ቀዳም 30
ታሕሳስ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ውድድራቱ
ከሰላስል ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን
ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢራ።
እዚ ውድድር ኣብ መንጎ ኣብ ክልተ
ምድባት ዝተመቕላ 15 ጋንታታት
ከካይዶ ድሕሪ ዝቐነየ ጸወታታት’ዩ ሎሚ
ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ ዘሎ።
ምድብ ‘ሀ’ ሸሞንተ ጋንታታት ሓቚፉ
ዝነበረ ኮይኑ ጎዳይፍ እያ ብ16 ነጥቢ
ቀዳመይቲ ኮይና ካብዚ ምድብ ሓሊፋ።
ገዛ ባንዳ ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ምድብ
ጸወታ ድሕሪ ዘመዝገበቶ ዓወት ንሓይሊ
ኣየር ብሓደ ነጥቢ በሊጻን ብጎዳይፍ
ብጸብለልታ ሸቶ ተቐዲማን ካብዚ ምድብ
ቀዳመይቲ ኮይና ክትሓልፍ ክኢላ።
ምድብ ‘ለ’ ሸውዓተ ጋንታታት’ዩ ሒዙ
ነይሩ። ካብዚ ምድብ መረብ ሰቲት ብ14
ነጥቢ ቀዳመይቲ ኮይና ክትሓልፍ ከላ፡
ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ከኣ ብሓንቲ

ነጥቢ ድሒራ ብ13 ነጥቢ ካልኣይቲ
ኮይና ከም ዝሓለፈት ይፍለጥ። እዘን
ክጥቀሳ ዝጸንሓ ኣርባዕተ ጋንታታት
እየን እምበኣር ሎሚ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ
ቀትሪ ኣብ ስታድየም ኣስመራ ናብ
ግጥም ፍጻመ ከሕልፈን ዝኽእል ጸወታ

ከካይዳ።
ኣብዚ ዕለት ፈለማ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ
ቀትሪ ሳዕሪ ስታድዩም ኣስመራ ዝረግጻ፡
እታ ካብ ምድብ ‘ሀ’ ቀዳመይቲ ኮይና
ዝሓለፈት ጎዳይፍን ካብ ምድብ ‘ለ’
ካልኣይቲ ኮይና ዝሰገረት ኣርባዕተ

ኣስመራን እየን። እዘን ጋንታታት ኣብ ናይ
ምድብ ጸወታ ጽቡቕ ተወዳዳርነት ካብ
ዘርኣያ ጋንታታት ምዃነን’ዩ ዝእመነለን።
ብዕድመ ንኣሽቱ ምዃኖም ዝእመነሎም
ተጻወትቲ ጎዳይፍ፡ ኩዕሶ ረጊጽካ ናይ
ምጽዋትን ንኣንጻር መጋጥምትኻ
ፈንጢስካ ናይ ምሕላፍን ብቕዓት ዘለዎም
ተጻወትቲ እዮም። ናይ ኣካላዊ ጉልበትን
ተመክሮን ብልጫ ዘለዎም ተጻወትቲ
ኣርባዕተ ኣስመራ እውን እንተኾኑ ኩዕሶ
ካብ ኣንጻር መጋጥምትኻ ናይ ምምንጣል
ብልጫ ኣለዎም። ብዘይካ’ዚ፡ ኣርባዕተ
ኣስመራ ብኽንፊ ንልዳት መጋጥምቶም
ዘሸግሩ ኣጥቃዕቲ ከም እትውንን’ዩ
ዝእመነላ። ስለዚ፡ እዚ ውድድር ሓያል
ስፖርታዊ ምትህልላኽ ክረኣዮ ከም
ዝኽእል ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ናይዚ ዞባ
ይእምቱ።
ቀጺለን ግጥማተን ዘካይዳ፡ እታ ካብ

ምድብ ‘ለ’ ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈት
መረብ ሰቲቲን ካብ ምድብ ‘ሀ’ ካልኣይቲ
ኮይና ዝሰገረት ገዛ ባንዳን እየን። ክለብ
መረብ ሰቲት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ
ተመሳሳሊ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ሒዛ
ከም ዝዛዘመት ሰነዳት ፈደረሽን ኩዕሶ
እግሪ ዞባ ማእከል የረድኡ። እዛ ጋንታ
ብሉጻት መንእሰያት ተጻወትቲ ኣብ
ምፍራይ ብዓቢ ወፍሪ ትሰርሕ ከምዘላ
እዩ ዝእመነላ። ናብ ጋንታታት ቀዳማይ
ዲቪዥን ሰጊርካ ናይ ምጽዋት ድሌት
ከም ዘይብላ እዮም ኣካየድታ ዝገልጹ።
እታ ክለብ መንእሰያት ተጻወትቲ
ብምፍራይ ናብ ዓበይቲ ጋንታታት ናይ
ምውዛዕ ዕላማ ሒዛ’ያ ትንቀሳቐስ ዘላ።
ተጻወትይቲ ናይዛ ጋንታ ኣብ ርእሲ’ቲ
ብዕድመ ንኣሽቱ ምዃኖም ብውህደት
ናይ ምጽዋት ብቕዓት’ውን ኣለዎም። ኣብ
ምዱብ 90 ደቒቕ ምስቶም ምኩራትን
ጉልቡታትን ተጻወትቲ ገዛ ባንዳ ዝገብርዎ
ቅልስ ድማ ገና ብኣግኡ ኣቓልቦ ብዙሓት
ወገናት ስሒቡ ኣሎ።

ክለባት ቅድድም ብሽክለታ

ማልያታተን የላልያ
ሓድሽ ዓመት እናቐረበን ፋልማይ ናይ
ዎልርድ ቱር ውድድር 2024 ድማ 16
ጥሪ ኣብ ዝፍልመሉን፡ ጋንታታት ዝቕጽል
ዓመት ለቢሰንኦ ዝቐርባ ማልያታት
ምስ ህዝቢ ኣብ ምልላይ ይርከባ ኣለዋ፡
፡ ኤርትራዊ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ
ቢንያም ግርማይ ዝወዳደረላ
ቤልጁማዊት ጋንታ ኢንተርማርሸ ድማ
እታ ድሒራ ሓድሽ ማልያኣ ምስ ህዝቢ
ኣላልያ ዘላ ጋንታ’ያ። ቤልጁም ከም ሃገር
ኣብ ወወዓውዒ ቁማር ዝኾኑ ትካላት
ብእትኽተሎ ተሪር ኣተሓሕዛ፡ ኣቐዲሙ
ንኢንተርማርሸ ክምውላ ዝጸንሐ ኣብ
ምውዕዋዕ ቁማር ዝነጥፍ ትካል ሰርከስ
ነታ ጋንታ ስፖንሰር ካብ ምግባር ተኣልዩ
ኣሎ። ስሙ ግን ኣብ ማልያ ኢንተርማርሸ
ተወቒሩ ክጐዓዝ’ዩ። ሓድሽ ማልያ
ኢንተርማርሸ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት

ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ኒዮን፡ ብጫ፡ ሰመያዊን
ጻዕዳን ሕብርታት ጌና ኣይተቐየሩን።
እዛ ጋንታ ንሓሙሻይ ግዜኣ’ያ ብቅዲ
ደዛይት ዝተባህለ ኩባንያ ማልያኣ ኣሐዲሳ
ትቐርብ ዘላ። ክለብ ኢንተርማርሸ
ዝሓለፈ ዓመት ሒዛቶ ካብ ዝነበረት
‘ኢንተርማርሸ ዋንቲ ሰርክስ’ ዝብል ስም፡
ናብ ‘ኢንተርማርሸ ዋንቲ’ ዝብል ስም
ኣሰጋጊራቶ ኣላ። እዛ ጋንታ ኣብ ዝቕጽል
ሓድሽ ዓመተ ስፖርት ኣብ ናይ ክላሲክ
ውድድራት ብቢንያም ግርማይን ማይክ
ቲዩንስን፡ ኣብ ናይ ጎቦ ብልዊስ ሜንኬዝን
ጂዮርጅ ዚመርመንን፡ ኣብ ናይ ቅጽበታዊ
ውድድር ድማ ብጌርበን ቲሰን ክትውከል
ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ። ኢንተርማርሸ
ንሓዳስ ማልያኣ ብቢንያም ግርማይ ከም
ዘላለየት ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኣ
ብዝጠቅዓቶ ስእሊ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብጽሒት ማን ዩናይትድ ዝገዝእ ዘሎ ጂም ራትክሊፍ መን’ዩ?
ሓደ ካብ ሃብታማት ዓባይ ብሪጣንያ
ዝዀነ ሰር ጂም ራትክሊፍ፡ ብዙሕ
ተፈታውነት ዘይረኸቡ ትካላት ብምዕዳግ
ብቢልዮናት ዝትመን ንግዲ ከቕውም
ዝኸኣለ ቢልዮነር እዩ። ሕጂ ድማ ኣብ
ሓንቲ ካብተን ኣብ እንግሊዝ ኣዝየን
ካብ ዝፍተዋ ጋንታታት ዝዀነት
ማንቸስተር ዩናይትድ 25 ሚእታዊት
ብጽሒት ንምዕዳግ ኣስታት 1.25 ቢልዮን
ፓውንድ ዝግመት ውዕል ተሰማሚዑ
ኣሎ።
20 ግዜ ሻምፕዮን እንግሊዝ ዝዀነት
ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዛሕቲላ

ምህላዋ ይፍለጥ። ማንቸስተር ዩናይትድ
ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ኣብ ርእሲ ካብ
ብሉጻት ኣርባዕተ ጋንታታት ምርሓቓ
ብዘይካ ካብ ጸወታታት ኤፍ ኤ ካፕ ካብ
ካልኦት ናይ ዋንጫ ውድድራት እውን
ኣልጊሳ እያ ዘላ። ብዓይኒ ፊናንሳዊ ረብሓ
ግን እታ ጋንታ ኵሉ ግዜ ልዑል ዋጋ’ዩ
ዘለዋ። ኣብ መላእ ዓለም ብዝሒ ደገፍታ

ወትሩ ምስ ወሰኸ እዩ። መስራቲ ኩባንያ
ኢንዮስ [ኣብ ነዳዲ፡ ኬሚካላትን ካልእን
ዝነጥፍ ገዚፍ ኩባንያ] ጂም ራትክሊፍ
ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ጥሪ እዩ ስድራቤት
ግሌዘር ንመሸጣ ይሓስቡ ከም ዘለዉ
ድሕሪ ምግላጾም ኣብታ ጋንታ ብጽሒት
ክገዝእ ድሌት ከም ዘለዎ ዘአንፈተ።
ስድራቤት ግሌዘር፡ ኣብታ ሰር ኣሌክስ
ፈርጉሰን ኣብ 2013 ብጥሮታ ካብ ዝእለ
ንደሓር ሰንከልከል ትብል ዘላ ጋንታ
እኹል ወፍሪ ኣይገበሩን ብዝብል ክሲ
ብደገፍቲ እታ ጋንታ ክንቀፉ ጸኒሖም
እዮም። ሰር ጂም ራትክሊፍ ክሳብ’ዚ

ቀረባ እዋን ካብ ወናኒ ባንክ ቐጠር
ሸኽ ጃስም ቢን ሓማድ ኣ’ታኒ ከቢድ
ውድድር ጨረታ ይገጥሞ ነይሩ’ዩ። ኣብ
ቀረባ ግዜ ግን እቲ ቀጠራዊ በዓል ጸጋ
ካብቲ ውድድር ብምንስሓቡ ንጂም
ባይታ ፈጢሩሉ። ኣብ ከተማ ማንቸስተር
ዝተወልደ ሰር ጂም ካብ ግዜ ቁልዕነቱ
ጀሚሩ ደጋፊ ዩናይትድ ኮይኑ’ዩ ዓብዩ።
እዚ ብተሪር ናይ ምክርኻር መርገጺኡ
ዝፍለጥ ቢልዮነር፡ ኣብ ሓደ እዋን
ብማሕበራት ሰራሕተኛታት ‘ዶክተር ኖ’
ተባሂሉ ይጽዋዕ ነይሩ። መጽሄት ፎርብስ

ንሃብቱ ኣስታት 18 ቢልዮን ዶላር (15.8
ቢልዮን ፓውንድ) ክግምቶ እንከሎ፡ ኣብ
ዓባይ ብሪጣንያ ካልኣይ ዝሃብተመ ሰብ
ምዃኑ ዝገልጽ ዝርዝር ሃብታማት ‘ሳንደይ
ታይምስ’ ድማ፡ ሃብቱ ናብ 30 ቢልዮን
ፓውንድ ከም ዝቐረበ የመልክት።
ሰር ጂም፡ ዳርጋ ኣብ ኵሉ መዓልታዊ
እንትንክፎ ነገራት ዝኣቱ ኬሚካላትን
ጥረ ነገራትን ዘፍሪ ‘ኢንዮስ’ ዝተበሃለ
ኩባንያ እዩ ፈጢሩ። ኣብ 29 ሃገራት ኣብ

ዝርከቡ 194 ትካላት እቲ ኩባንያ ኣስታት
50 ቢልዮን ፓውንድ መሸጣ ዘካይድ
ኰይኑ ልዕሊ 26 ሽሕ ሰባት ቈጺሩ
የስርሕ።
ዘፍርዮም ጥረ ነገራት ከኣ ካብ መዐሸጊ
ናይ ሽቓቕ ናውቲ፡ መድሃኒትን መግብን
ክሳብ ሞባይልን ኣቝሑት ገዛን ኣብ ኵሉ
የገልግሉ። ሰር ጂም ኣብ ኢንዱስትሪ
ኬሚካላት እዩ ዝነጥፍ። ኣብ 1974
ካብ ዩኒቨርሲቲ በርሚንግሃም ብኬሚካል
ምህንድስና ድሕሪ ምምራቑ፡ ኣብ ትካላት
ነዳዲ ቢፒን ኤሶን [BPን Essoን] ንብዙሕ
ዓመታት ኣገልጊሉ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ
1989 ኣብ ‘ኣድቨንት ኢንተርናሽናል’
[ሓደ ካብቶም ዝዓበዩን ዝነውሐ ግዜ
ዘገልገሉን ናጻ ናይ ብሕቲ ትካል] ብዛዕባ
ውዕላት ምፍጻም ምሂሩ።
ቀጺሎም ንሱን ብጻዩ ነጋዳይ ጆን
ሆሎውድን ኣብ 1992 ኣብ ከባቢ
ሳውዝሃምፕተን ዝርከብ ክፍሊ

ኬሚካላት ቢፒ (ብሪቲሽ ፔትሮልየም)
ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ዓዲጎሞ። እቲ
‘ኢንስፐክ’ ዝተባህለ ትካል ንግዲ ቀጺሉ
ኣብ ኣንትዋርፕ ቤልጅየም ዝርከብ ናይ
ቢፒ ፍሉይ ትካል ኬሚካላት ወኒንዎ።
ብድሕሪኡ ሰር ጂም ኣብ 1998 ናይ ገዛእ
ርእሱ ትካል ኢነዮስ ብምምስራት ወጺኡ።
እዚ ኩባንያኡ ድማ ነቲ ናይ ቤልጅየም
ትካል ብ89 ሚልዮን ፓውንድ ዓዲጉ’ዩ
ጠቕሊልዎ።
ካብ ሽዑ ጀሚሩ ኢነዮስ ገዚፍ ማእከል
ከሚካል ክኸውን በቒዑ። ኣብ ዝሓለፈ
ዓመታት ንግዳዊ ሸውሃት ሰር ጂም ካብ
ኬሚካላት ርሒቑ ኣሎ። ነታ ኣብ 2016
ምፍራይ ዘቋረጸት ላንድሮቨር ዲፈንደር
መሰረት ዝገበረት ሓዳስ ማኪና ንምስራሕ
መደብ ከም ዘለዎ ድማ ኣፍሊጡ።
ይዅን እምበር ኣብ 2020 ኣብ እዋን
ህዝበ ውሳነ ‘ብረክዚት’ ጎስጓሲ ምውጻእ
ብሪጣንያ ካብ ሕብረት ኣውሮጳ ዝነበረ
ሰር ጂም፡ እታ ሓዳስ 4x4 ማኪና ኣብ
ፈረንሳ ክትስራሕ ምዃና’ዩ ገሊጹ።
ኩባንያ ኢነዮስ ኣብ 2017 ነቲ ኣብ ሓደ
እዋን ተዋሳኣይ ስቲቭ ማክዊን ዝኽደኖ
ዝነበረን ከም በዓል ዴቪድ ቤክሃም
ዝኣመሰሉ ንጃኬታቱ ሞዴል ዝዀንዎን
ኣፍራዪ ክዳውንቲ ሞተር ብሽክለተኛታት

- ቤልስታፍ ዓዲጉ።
ኢነዮስ ኣብ ውድድር ማኪና ምስ
እትሳተፍ ጋንታ መርሰድስ ኤፍ-1
ሽርክነት ኣለዎ። ከምኡ’ውን ኣብ 2019
ሰር ጂም ሓድሽ ወናኒ ናይ ሓንቲ ልዑል
ስም ዘለዋ ፕሮፈሽናል ጋንታ ብሽክለታ
ቲም ስካይ ኰይኑ። ሕጂ እታ ጋንታ
‘ኢነዮስ ግሬናድየርስ’ ተባሂላ ትጽዋዕ
ኣላ።
ሰር ጂም ኣብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ
ድሌታት ነይርዎ’ዩ። ንፈረንሳዊት ጋንታ
ኒስን፡ ስዊዘርላንዳዊት ጋንታ ሎዛን-
ስፖርትን ድማ ይውንን። ኣብ ወርሒ
ግንቦት ናይ ዝሓለፈ ዓመት ድማ ወናኒ
ቸልሲ ሮማን ኣብራሞቪች ነታ ጋንታ

ንመሸጣ ድሕሪ ምቕራቡ እቲ ቢልዮነር
ንኽዕድጋ 4.25 ቢልዮን ፓውንድ
እንተቕረበ’ኳ ክዕወት ግን ኣይከኣለን።
ኣብቲ እዋን ንቢቢሲ ስፖርት ኣብ ዝሃቦ
ሓበሬታ፡ ደጋፊ ማንቸስተር ዩናይትድ
ከም ዝዀነ ብምግላጽ ነታ ዝድግፋ ጋንታ
ብጨረታ ክዕድጋ ዘይፈተነሉ ምኽንያት
ድማ ንመሸጣ ብዘይምቕራባ እዩ ኢሉ።
ድሕሪ ሎሚ ግን ብመሰረት እቲ ኣብ
ድሮ በዓል ልደት ዝተኣወጀ ስምምዕ
ንንጥፈታት ኩዕሶ እግሪ ዩናይትድ
ክቈጻጸር እዩ። ወዲ 71 ዓመት ራትክሊፍ
ንመጻኢ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ንዝግበር

ወፍሪ እውን 300 ሚልዮን ዶላር (236
ሚልዮን ፓውንድ) ክህብ እዩ።

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ፕሪመር ሊግ
ሰዓት 3፡30 ድ/ቀ
ሉቶን ምስ ቸልሲ
ሰዓት 6፡00 ምሸት
ኣስቶን ቪላ ምስ በርንሊ
ክሪስታል ፓላስ ምስ ብረንትፎርድ
ማንቸስተር ሲቲ ምስ ሺፊልድ
ዎልቭስ ምስ ኤቨርተን
ሰዓት 8፡30 ምሸት
ኖቲንግሃም ምስ ማንቸስተር
ዩናይትድ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 33 ዓመት ቁ.104 30 ታሕሳስ 2023 - ገጽ 12

abur Printing Services

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ

ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20፡ፊት ከረን ሆቴል 120730

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ፋርማሲ ሰንትራል 30/12/23

ቨነዝዌላ - ፕረዚደንት ማዱሮ ወተሃደራዊ ልምምድ ክካየድ ኣዚዙ

ዜና ወጻኢ ዜና ወጻኢ ሸዊት ተኽለ

ፕረዚደንት ቨነዝዌላ ኒኮላስ ማዱሮ፡
ብሪጣንያ ናብታ ጎረቤት ሃገሩ ዝዀነት
ጋያና መርከብ ውግእ ከተዋፍር ምዃና
ድሕሪ ምግላጻ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ
ናይ’ቲ ኣከራኻሪ ዞባ ኤሰኲቦ ወተሃደራዊ
ልምምድ ክካየድ ኣዚዙ።
ፕረዚደንት ማዱሮ፡ “ብሪጣንያ ኣንጻር
ሰላምን ልኡላውነትን ሃገርና ዘካየደቶ
ምትዂታዃት ምላሽ ንምሃብ ወተሃደራዊ
ልምምድ ክንጅምር ኢና” ክብል ገሊጹ።
ምውፋር እታ መርከብ ውግእ፡ ነቲ ኣብ
መጀመርታ ናይ’ዚ ወርሒ እዚ ኣብ መንጎ
መራሕቲ ጎረባብቲ ሃገራት ቨነዝዌላን
ጋያናን ዝተበጽሐ - ኣብ ኣከራኻሪ ዞባ

ኤሰኲቦ ሓይሊ ካብ ምጥቃም ዝገትእ
ስምምዕ ዝጥሕስ ምዃኑ - ፕረዚደንት
ማዱሮ ወሲኹ ኣገንዚቡ።
“ኣብ ዲፕሎማሲ፡ ኣብ ዘተ ኢና ንኣምን”
ዝበለ ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ምትዂታዂ
ናይታ ገዛኢት ጋያና ዝነበረት ብሪጣንያ
ቅቡል ከምዘይኮነ ኣረዲኡ።
ኣብቲ ቨነዙዌላ ወጢናቶ ዘላ
ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣስታት 5,600
ኣባላት ምክልኻል እታ ሃገር ንምስታፍ
ድሉዋት ኮይኖም ከምዘለዉ ተሓቢሩ።
ብመሰረት ምንጪታት ሚኒስትሪ

ጉዳያት ወጻኢ ጋያና፡ እታ መርከብ
ኣብ ማያዊ ግዝኣት ጋያና ወተሃደራዊ
ልምምድ ንምክያድ ንኣስታት ሓደ
ሰሙን ክትጸንሕ እያ።
ኣብ መጀመርታ ናይ’ዚ ወርሒ እዚ፡
ቨነዝዌላ ብጉዳይ እቲ ብነዳዲ ሃብታም
ዝኾነ ዞባ ኢሰኲቦ ረፈረንደም ኣካይዳ
ምንባራ ዝዝከር እዩ።
ካብ ጠቕላላ 800 ሽሕ ዜጋታት
ጋያና፡ እቶም 125 ሽሕ ኣብ ኤሰኲቦ
ከምዝቕመጡ ይሕበር።

ላይበርያ - ብሓደጋ ባርዕ 40 ሰብ ሞይቶም
ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ላይበርያ፡ ነዳዲ
ጽዒና ኣብ ዝነበረት መኪና ብዝተፈጥረ
ሓደጋ ባርዕ፡ ብውሕዱ 40 ሰባት
ከምዝሞቱ ተገሊጹ።
እታ ነዳዲ እተመላልስ መኪና ሓደጋ
ምስ ኣጋጠማ፡ ካብኣ ዝፈስስ ዝነበረ ነዳዲ
ንምጉራት ሓያሎ ሰባት ድሕሪ ምእካቦም
- እቲ ባርዕ ከምእተኸስተ እዮም ጸብጻባት
ዘረድኡ።
ሰብ-ሞያ ጥዕና እታ ሃገር ኣብ ዝሃብዎ
ሓበሬታ፡ ሓያሎ ሰባት በቲ ባርዕ
ብምቅጻሎም ቊጽሪ ግዳያት ብልክዕ

ክፍለጥ ከምዘይተኻእለን፡ እቲ ብገምጋም
ተመዝጊቡ ዘሎ ቊጽሪ ግዳያት ክውስኽ
ከምዝኽእልን ኣሚቶም።
በዚ ድማ፡ ግዳያት ሓደጋ ንምልላይ
ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ዝተፈላለየ
መንበሪ ኣባይቲ ዳህሳስ የካዪዱ ከምዘለዉ
ተገሊጹ።
ኣብ ላይበርያ ብሰንኪ ዘሎ ደረጃኡ
ዘይሓለወ ትሕተ-ቅርጺ፡ ዓመታዊ 3
ዕጽፊ ናይቲ ኣብ ኤውሮጳ ዘጋጥም
ትራፊካዊ ሓደጋታት ከምዝምዝገብ
ይሕበር።

ክፍለ-ሃገር መይን፡ ትራምፕ ኣብ ምርጫ ከይሳተፍ ዓጊታ
ፕረዚደንት ኣመሪካ-ነበር ዶናልድ
ትራምፕ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ
ሰልፊ ሪፓብሊካን ከይሳተፍ ክፍለ-ሃገር
መይን ከምዝዓገተቶ ተሓቢሩ።
እታ ክፍለ-ሃገር ነቲ ስጒምቲ ዝወሰደት፡

ትራምፕ ኣብ ጥሪ 2021 ኣብ ልዕሊ ህንጻ
ቤተ-መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዝተፈጸመ
ናዕቢ ብምስታፉ - ነቲ ምርጫ ብቑዕ
ከምዘይኮነ ድሕሪ ምውሳና እያ።
ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ክፍለ-

ሃገር ሸና ቤሎውስ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡
እቲ ኣብ 6 ጥሪ 2021 ዝተፈጸመ ናዕቢ
ብትእዛዝን ኣፍልጦን ናይ’ቲ ፕረዚደንት-
ነበር ከምእተኻየደ ኣገንዚባ።
ኣብ ፈለማ ናይ’ዚ ወርሒ’ዚ፡ ክፍለ-ሃገር
ኮሎራዶ እውን ንትራምፕ ኣብ ምርጫ
ንኸይሳተፍ ተመሳሳሊ ስጒምቲ ምውሳዳ
ይዝከር።
ኣብ ክልቲአን ክፍላተ-ሃገር ዝተዋህበ
ውሳነታት፡ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ኣመሪካ
ሰፊሩ ዝርከብ - ማለት ቅድሚ ሕጂ ነታ
ሃገር ንምሕላው ቃለ-መሓላ ዝኣተወ
በዓል-ስልጣን ድሒሩ ኣብ ናዕቢ ምስ
ዝሳተፍ፡ ካብ ስልጣኑ ዝኽልክል ሕጊ
መሰረት ብምግባር እዩ።
ትራምፕ፡ እቲ ውሳነ ድምጺ መረጽቲ
ንምስራቕ ዝካየድ ዘሎ ፈተነታት ምዃኑ
ድሕሪ ምግላጽ፡ “መሰል ኣመሪካውያን
መረጽቲ ይምንዛዕ ኣሎ” ክብል ነጺጉዎ።

ኣብ 2023፡ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ብ’75

ሚልዮን’ ዓብዩ ተባሂሉ
ኣብ’ዛ ንክትዛዘም ሒደት መዓልታት
ተሪፍዋ ዘሎ ዓመተ-2023፡ ብዝሒ
ህዝቢ ዓለም ብ75 ሚልዮን ከምዝወሰኸ፡
ቤት-ጽሕፈት ቆጸራ ህዝቢ ኣመሪካ ኣብ
ዝዘርግሖ ጸብጻብ ሓቢሩ።
በዚ ድማ፡ ኣብ ፋልመይቲ መዓልቲ
2024 ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም -
ልዕሊ 8 ቢልዮን ክበጽሕ ምዃኑ፡ እቲ
ጸብጻብ ወሲኹ የረድእ።
ኣብ 2023 ኣብ መላእ ዓለም ዝነበረ
መጠን ወሰኽ ብዝሒ ህዝቢ፡ ትሕቲ 1
ሚእታዊት ጥራይ ምንባሩ ዝጠቐሰ እቲ
ጸብጻብ፡ ኣብ 2024 - ኣርባዕተ ልደት
ሓደስቲ ዕሸላትን ክልተ ሞትን ኣብ
ነፍሲ-ወከፍ ካልኢት ክምዝገብ ትጽቢት
ከምዝግበር፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ገሊጹ።
ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ 2023 ጥራይ
0.5 ሚእታዊት - ማለት 1.7 ሚልዮን
ሓድሽ ወሰኽ ህዝቢ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡
ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ናይ’ታ ሃገር ናብ

ኣመሪካ፡ ሮቦታዊት ናይ ጠፈር ነፋሪት ወንጪፋ
ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ‘ኤክስ-37ቢ’
ዝተሰምየት ሮቦታዊት ናይ ጠፈር ነፋሪት፡
ናብ ጠፈር ከምዝለኣኸት ተገሊጹ።
እዛ ምስጢራዊ ተልእኾ ንምፍጻም ናብ
ጠፈር ተላኢኻ ዘላ ወተሃደራዊት ነፋሪት፡
ተልእኾኣ ንምፍጻም ንኽልተ ዓመታት
ኣብ ጠፈር ክትጸንሕ ትጽቢት ከምዝግበር
እዩ ዝሕበር።
እዛ ዳግማይ ኣብ ጥቕሚ ክትውዕል
ከምእትኽእል ኮይና ተሰሪሓ ዘላ ነፋሪት፡
ዝኾነ ሰብ ከይጸዓነት እያ ናብ ጠፈር
ኣምሪሓ ዘላ።
ብሰንኪ ቴክኒካዊ ጉዳያት፡ በረራ ናይዛ
ነፋሪት ንልዕሊ ክልተ ሰሙን ተደናጒዩ
ከምዝጸንሐ ጸብጻባት ይገልጹ።
ኣብ 2010 ንፈለማ እዋን ንጥፈታታ

ዝጀመረት እዛ ‘ኤክስ-37ቢ’ ዝተሰምየት
ነፋሪት፡ ሕጂ ንሻብዓይ ግዜኣ እያ ናብ
ጠፈር ከይዳ ዘላ።
ቅድሚ ሕጂ ኣብ 2020 ዝፈጸመቶ
ጠፈራዊ ተልእኾ - እቲ ዝነውሐ ተባሂሉ
ዝተመዝገበ ኮይኑ፡ ኣብቲ ሽዑ ግዜ
ኣብ ጠፈር 2 ዓመትን ፈረቓን ዝወሰደ
ንጥፈታት ከምዘካየደት ይፍለጥ።
እዚ ናይ ሕጂ ተልእኾ፡ ቻይና ባዕላ
ብዘማዕበለታ ብ ‘ሸንሎንግ’ እትፍለጥ
ሮቦታዊት ነፋሪት ጠፈር ድሕሪ ምልኣኻ
- ድሕሪ ክልተ ሰሙን እዩ ዝካየድ ዘሎ።
በዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ ጠፈራዊ መዳይ
እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ውድድር
ክልቲአን ሃገራት ሓድሽ ናህሪ ክውስኸሉ
ከምዝኽእል፡ ምስ’ቲ ጉዳይ ቅርበት

ዘለዎም ወገናት ይገልጹ ኣለዉ።
ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን፡ ብዛዕባ’ቲ
ብሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ
ተልእኾ ‘ኤክስ-37ቢ’ ዛጊት ውሱን
ዝርዝራዊ ሓበሬታ እዩ ሂቡ ዘሎ።

ልዕሊ 335 ሚልዮን ደዪቡ ከምዘሎ
ተሓቢሩ።
ኣብ 2024፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ነፍሲ-

ወከፍ ትሽዓተ ካልኢት ሓደ ልደት፡ ኣብ
ነፍሲ-ወከፍ 9.5 ካልኢት ድማ ሓደ
ሞት ክምዝገብ ትጽቢት ይግበር።